# ትግላችን

ወርሃዊ መፅሄት

በአውሮፓ የኢትዮጵያ ተማሪዎች ማህበር የተዘጋጀ

• ኢምፔሪያሊዝምና መሣፍንቴ ንምደምሳስ፣
ኣኖሰው፣ ተዳለው!! •

የመፅሄት አዘጋጅ ቦርድ፡
c/o P.O.BOX 3198
103 64 STOCKHOLM 3
SWEDEN

ልዩ ዕትም

ቁጥር 2

## መቅድም

ኣቐዲምና ንቶ ንመጀመርታ ግዜ ብትግርኛ ቛንቋ ፅሑፍ ንዘቕረብልና ብፀይና እና መስገገና ፣ ነበርታትና :: ካልኣት ብፅትና'ውን ናይ'ዜሮ ብፀይና ኣብነት ብምኽታል ፅሑፍ ምእንታ ከኣቕርቡልና መፀዋዕታና ነብፅሕ ::

ካብ የካቲት 1966 ጀሚሩ ቁብ ሀገርና ኢትዮጵያ ስፍሐትን ቶሊ ቀትን ዘለዉ ሕዝባዊ ተጋድሎ እንቱካየደ ከሎ ፣ እቶም ሕዝብና ምናኣ ቀዳማይ ፀላኢኡን ፈታዊኡን እአዘቅ ብምፍላጥ ገድሊ ፀረ–መሳፍንቲን ፀረ–ሃፀያውያንን /ኢምፔርያሊስት/ እናኸርሰነ ምእንታ ከክይዱ ፣ በ'ቶም ዝፈለጠ ቛንቋ ናይ ቀስቀሳን ፣ ፕሮፓጋንዳን ፣ ምፎርጃውን ዕቁ ምግባር ከምዘለወና ነርኣዕ :: እወ ናይ ቓድ ለሠሳሴ ጉልታዊ መንግስቲ ትግራያት ብቛንቓም ከይጠቐሙ ከይፅሕፉን ዐጊቶ ÷ ፀዐና ብምግባሩ ፣ ብቛንቋና ናይ ትንተና /አናሊሲስ/ ፅሑፍ ንምቕራብ ዐጊቶ ፈፀሪ ከምዘይለየና እሙን እዩ :: እንተኾነ ግና ካብ'ቶም ዘለናዮ ቤት ማእከቲ ንምውፃዕ ጠደ ሕብረተሰብ ካብ ፀላእቱን ፀቐጥቱን ነፃ ንምውፃእ ገድሊ ምግባር ከምዘለዎ ኩሉ ንሕና'ውን ቛንቋና እእዚና ምእንታ ከንፈልጥ ፣ ከንዛረበሉን ክንፅሕፈሉን ጉድለትናን ፀገምናን ንምፍርባይ ምስዓርስና ቓሉ ክንገብር ይግባዓና ኢዩ ::

እቶይ ፉዯር ዝከዉነ ጉልታዊ መንግስቲ ቛንቋና ብኃይሊ ከአፕፍእ ንዙሕ ፈፀሪ ከምዝገበረ ይፍለጠና :: እንተኾነ ግና ቛንቋናይ ጠደ ሕዝቢ እምነትን /ፍልስፍና/ ባሕልን ፣ ፓለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ትሕዝትን ዝገለፀሉ በለዝኸነ፣ ናይ'ቶ ሕዝቢ ሓነባብራን ኢኮኖሚያዊ አደረጃጅኡን እናዐበየ እንቱክይዱ ከሎ እቶ ቛንቋ'ውን እናሰፈሐን እናመሐሸን ምኻዱ ከም ዝግበስ ከኣ ካብ ናይ ሕብረተሰብ ዕብየት ታሪኽ ንርፁዕ :: ናይቛንቋ ጥቕና ካብ ብሔራዊ ጥቕና ኣብራኽ ዝፈለቕ ስለዝኾነ ንበይኑ ተፈሊዩ ዝርኣይ ኣይኮነን :: ናይ ብሔራዊ ጥቕናውን መሠረቱ መደባዊ ጥቕና ብምዃኑ ሥረ መሠረቱ በርቒቑ ዘጥፍእ ናይ መደብ ገድሊ ኸራሕ እዩ : እብ ሙሉእ ዓለም ዝተፈለጡ ሣውራውያን እንበዓል ማርክስን ሌኒንን " ካብ ኩሉ ሀገር ዘለኹም ዓየይቲን /ፕሮሌታሪያት/ ዝተዉቀንኩም ብሔራትን ነበሩ! " ኢሎም ዘምረና ካብ ኩሉ ዓይነት ጥቕና ናፃ ንምውፃእ ናይ መደብ ገድሊ ነበረት ከም ዝዉሊ እዩ ::

## ዝሓለፈ ዓመት ብየካቲት ወርሒ ገንፊሉ ዝወፅአ ናይ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ገድሊ ኣበይ በጺሑ ይርከብ?

ብሓጺሩ ጸብጻብና ንምሕጻር :—

1ይ. ናይ ኣንበሳ ኣክሊሉ ሃብተወልድ ናይ ቢሮክራታት /ቢሮክራቲክ ቡርዥዋ/ መንግሥቲን

2ይ. ናይ ሃፀያውያን ኩርኩር ዝነበረ ናይ ኣንዳልካቸው መንግሥቲን

3ይ. ፈሳጺ ቁራጺ ናይ ኃይለስላሴ መንግስቲን ብምድምሳስ ፣ ኣቶም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ዋና ናይ ሕዝብና ፀላእቲ ኩሎምውን እንተዘይኮኑ ተረሺኖም ኣለው:: ናይ ሕዝብና ኃይሊ ኣእዛቁ ተደራጅዩ ብዘይምጽናኑ ተደራጅዩ ብለዘይ ነበረ ናይ ንኡስ ዲታታት /ፔቲቦርዥዋ/ ሐይ ክፍሉ ዝኾነ ወታሃደር ናይ መንግስቲ ኃይሊ ጨቢጡ ይርከብ ::

ኣዚዩ ወታሃደር ናይ መንግሥቲ ኃይሊ ካብ ዝጨበጠ ·ሕብረተሰባዊ ኢትዮጵያ· ብምእዋጁ ናይ ሃፀያውያንን ናይ መሳፍንቲን ኢኮኖሚያዊ ትካላት /ባንክ ፣ ኢንሹራንስ ፣ መሬት ፣ ዐበይቲ ሕርሻታት ፋብሪካ... ወዘተ. / ኣብ መንግስቲ ኢዱ ከም ዝእቶ ተገቢሩ ኣሎ :: ተምሃሮትን ሐረስቶትን ዝቐረብዎን ዝተጋደልሉን መሪሁ ቃል ·መሬት ነሕረሱ!· ውን ኣብ መጽናዕቲ ከምዘሎ ይዝረብ:: ብሐይ ወገን ከኣ ብረሃት ተጋደልቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከምዝሐቁን ፣ ናይ ምዝራብ ናይምጽሐፍን ናይ ምድርጃውን ናጽነት ገና መሉእ ብመሉእ ከምዘይተረኸበ ንርዒ ::

## ኣብ ኢትዮጵያ ዝገበር ዘሎ ሕዝባዊ ገድሊ ጸላእትና=መሣፍንትን፣ ሃፀያውያንን= ከመይ ይመለከቶ?

ሃፀያውያን ኣብ ሀገርና ዝካየድ ዘሎ ሕዝባዊ ገድሊ ካብ ኢደም ቁጽጽር ዘይወጽእ መሲሉ ያም መሣፍንቲን ናይ ቢሮ ዲታታትን ክሳዕ ዝተነረሸንሉ ግዜ ካብ ከባ ደም ንሳዕሊ የዱንቅ ነበሩ::እቲ ናይ ሕዝብና ገድሊ ፀረ መሣፍንቲን ፀረ ሃፀያውያንን ምዃኑ እእዚም ዝተረድእዎ ናታቶም የማናይ ኢዶ ፈሳጺ ቁራጺ ኃይለ ሥላሴ ቤት ማእሰርቲ ካብዘለዉ ቶ፣ኩርኩራት ኣንበጣል ኣንዳልካቸው ብዝተረሸኑሉ እዋንን፣ሕልፍ ኢሉውን ሕዝቢ ኢትዮጵያ ንምጽዛዝ ዘርጊሑ ዝነበረ ናይ ኢኮኖሚ መሠረት ቀስ ብቀስ ኣብ ኢድ ወታሃደራዊ መንግሥቲ ምእታው ብዝጀመረሉ ግዜ ኢዩ:: ሃፀያውያን ናይ ሕዝብና ገድሊ ንድሕሪት ብምምላስ፣ግዜ ዝሓለፈ ናይ መሣፍንቲ ንምቕጻል ከምዘይድቀሱ ኣጸቢና ክንርድኦ ይግባእና ኢዩ:: ነብረት ናይ ፀረ ሕዝባዊ ተጋድሎ ንምድርጃው ንቶም ሰላማዊ ዝከፋ ከም ኣንበሳ መንገሻ ሥዩም፣ ነጋ ተገኝ፣ ኣሌ ሜራህ...ወዘተ. ዝ



ዝመስሉ ሃፀያውያን ሒኹዎ ኣና ሃቡ፣ናይ ሕዝብና ገድሊ ንድሕሪት ኣምበር ንቕድሚት ከይከይድ ንምግባር ከምዝጽዕሩ ፍሉጥ ኢዩ::ኣብ ኣውርጃ ብእስፋወሰን ዙሪያ ዝርከቡ ድኹራት መሣፍንቲ ውን ብጥሪ ወርሂ ኣብ እንግሊዝ ሀገር ኣኼባ ከምዝገበሩ ይዝረብ::

ብኻልእ ወገን ከኣ ናይ ዐረብ ድኹራት መንግሥታት ከም ኣንበሳ ሳውዲ ዐረብያ፣ኩዌት፣...ወዘተ. ገድሊ ኤርትራ ዝሕግዝ እናመሰለ ኣብቲ ገድሊ ኤርትራ ውሽጢ ዝርከቡ ማርክሲስት ሌኒኒስት ሣውራውን ኃይሎም መገኬራ ብምውጻእ ምስ ማርክሲስት ሌኒኒስት ኢትዮጵያውያን ምእንታ ከይሳበሩ ካብ ምድካምን ካብ ምጥፋእን ከምዘይምለሱ ሣራውያውን ብረሀ ክዪ ክረአዩና ይግባዕ::

## ናይ ሕዝብና ገድሊ ንድሕሪት ከይመለስ፣ንቕድሚት ምእንታ ኪግሥግሥ እንታይ ምግባር ይግበእና?

1. ሒዲስ ኢትዮጵያ/ሕዝባዊት ዲሞክራቲክ/ንምምጻእ ዋና ተጋደልቲ ኃይሊታት መደብ ዓየይቲን ኣሕረስትን ብለዝኾኑ፣ሣውራውያን መደመርታ ንዓርሶም ኣደራጅዎም መደብ ዓየይቲን ኣሕረስትን ምድርጃው ከም ቀዳማይ ተግባርም ይርአዩ::

2. ናይ ምዝራብ፣ምጽሓፍን ምድርጃውን ሙሉእ ናጽነት ንምርካብ ከምኡ ውን ብረሃት ሣውራውያን ካብ ቤት ማእሰርቲ ምእንታ ክፍትሑ ገድሊ ምግባር

3. ድኹራት መሣፍንቲ ብሃፀያውያን ሃገዝ ናብ መንግስቲ ሥልጣን ከይምለሱ፣ፀረ መሣፍንቲ ፀረ ሃፀያውያን ገድልና ምርሳን

4. ድኹራት ናይ ዐረብ መንግሥታት ኣብናይ ሀገርና ውሽጣዊ ጉዳይ ጣልቃ ከይኣትው ምቅዋም::

·ተገሳቾን·

የካቲት፣1967

# 1ይ ምዕራፍ

## ቋንቋና

ቋንቋ ተጋሩ ወይስ ተገሩፃት ትግርኛ/ትግርይና/ርእሱ ዘክእለ ምሉእ ቋንቋ እዩ፡፡ትግርኛ ካብ ግዕዝ ዝቐጸለ ሴማዊ ቋንቋ እዩ፡፡ግናኸ ካብ መዓዝ ዘሽን ጀሚሩ ምፅሒፍን ቀዳሚ ቀዳሞ ብ ተጋሩ ከም ቋንቋ ክዝረብ መዓዝ ምፍላሙን ዝፈለጥ ወይስ ዝርኢ ጤቂ ዝን መሣምር /ቃላት/ዘፅሕፍ ብፅይ አይፈለጠን፡፡

ትግርኛ ዘፅሓፈሉ ካብ ግዕዝ ንፊደል ወረሱ ምጉቅ ሳይከጣዶን፡፡ግናኸ ናይ ትግርኛ ፅሑፍ ከምዐበለ ብዙሕ ዘፀዓረ ፈቲውቲ ዓደምን ቋንቃለምን ብፃት ሽሕ እኳ እን ተነበረ ናይ ኢትዮጵያ መሰፍንታዊ፣ ናይ ተመካሕቲ /ሸሽ ህተ/ ሥርዓት መራሕቲ ንጸጢር ከምለሰ አዋይ ከጥፍኡያ ዘይገበርያ ዓመፅ የሰቡን፡፡ይፀለእያ አምበር ትግርኛ ንጠዋሩ ከም ጤይ ምሉእን ዓቢይን ወኒባት ሳፍሪካዊ ቋንቋ ከሽውን እዩ፡፡ግዱን ከሳ ሉሚ'ውን ወኒኣባት እዩ፡፡

ከም ሴማዊ ቋንቋ ናይ ትግርኛ ገዢ ብፀታ ተባዕታይ፣/ንሱ/ ብ ነፀሳ ቀፀሪ/ጤይ/ ብሉሚ አዋን /ሉሚ/ ይለለ፡፡ንኣብነት ሰምዐ ——መን ንሱ፣ከንደይ ጤይ ሰብ፣መዓዝ ሉሚ /ሕጂ/፡፡ኣብ ለዐሊ አዙይ ከሳ ብግዕዝ ኣናብባ ይውዶስ ጀ—ገእዝ፡፡ናብ ሰዋሰው ትግርኛ ኣይንኣቶን፣ገና ንገዜኡ ዝከውን ናይ ብዛዕባ ኣፃጤሕፍኡን ኣናብቡኡን ጤደት መዘከርታ እ ኒሆ፡፡

ቀዳሚኡ ገና ናይ ትግርኛ ፊደል ካብ ኣምሕርና ዝተፈለየ /ብደምፂ፣ብብዝጤ፣ብእ ናብባ / እንሃለወ ብዙጣት ተጋሩ ከም ኣምሕርና እንተንቡን ወይስ ብደምላ እንተጋገዩን ስለዝርኣይና ጌጋእም ክሕለው እንተዓኣ ጠቓሚ ኢሉና ኢና፡፡

ሀ_ ግእዝ ሁ_ካእብ ሂ_ ሣለስ ሃ_ ራብዕ ሄ_ ሓምስ ህ_ ሳዱስ ሆ_ ሳብእ ፡፡ አዚይ ናይ ኣምሕርኛ ፊደል አጨን ይቕበሉ ግናኸ እንተንበጠ ግዕዝን ራብዕን ብራብዕ ድምፂ የንበብን ይፅሕፍን ፡፡ ኣምሕርኛ በይኑ ዱቶ ኣይፋሉን ከለይ ትግርኛ ከደሎ ኣሉ ፡፡ ዓቢንጋ እዩ ገና ምዕራፉ ኣይዓቐብን ፡፡ ከምዝኣሰመሰለ ኣናብቢ ፊደላት ወይስ ሀሁያት ፣ ኣ ፣ ጠ ፣ ዐ ፣ ከለይ ሀ ብጌጋ ይጠቐመሉ ነርኢ ፡፡ አቲ ለበዐ ኣይን እዩ_ ኣብነታት ነቐርብ ፣ ናይ ምብራህ ገሢ_ ባርሀ_ እዩ ፡፡ ሀ_ግዕዝ ይፅሒፍን ይንበብን ፡፡ ናይ ምህዳእ ገሢ_ ሃዳእ_ እዩ ፡፡ ሃ_ራብዕ ይፅሒፍን ይንበብን ፡፡ ናይ ምውጋህ ገሢ_ ወገሐ እዩ ሐ_ ግዕዝ ይፅሒፍን ይንበብን ፡፡ ናይ ምሕታት ሐተተ_ሐ_ ራብዕ፣ ናይ ምእኻብ_ ኣደበ_ ኣ_ ራብዕ ናይ ምስማዕ ሰምዐ_ ግዕዝ ፣ ናይ ምዕላን ገሢ_ ዓደገ ዓ_ ራብዕ ይፅሒፍን ይንበብን .



/ሠውራ ≠ 3 1973/

ኣሕዋትና ኣምሓሩ እ_ ግዕዝ ምንባቡ ከም ዝገበሉ ኣናብባ ካብ ዝሀብ ኧ_ ዘብለ ሆሄ ምፍጣር ቀለሎም ፡፡ ትግርኛ ከይጋገ እንሆ ምስከታ ፡፡

ኣብ ትግርኛ ዓቢይጌጋ ምእራሙ ዕንቀፅ ዝኾወ ነፃስ ኣምሕርኛ ዓርኩ ዘለዎ እ ንተሃለወ ብዛዕባ ሠ/ሰ እዩ ፡፡ ሠ_ ኣናብብኡ ቀደም ሽ ተባሂሉ ሉሚ ብትግርኛን ብ ኣምሕርኛን ዝፀሒፍ ሆሄ እዩ ፡፡ ንጪዋሩ ዘየድሊ ፊደል ምዃኑ ኣይተርፍን ፡፡ እን ኳንያ፣ ናይ ሸ ኣብ ትግርኛ ናይ ቾ፣ ዥ ፣ ቹ ፣ ጀ ፣ ጨ ፣ ኸ ቦታ ኣብ ትግርኛ ዓቢዩ ኣይከነንን ፡፡ / ሸ ዝብለ ድምፂ፣ ከምኡ ከ_ ኣብ ትግርኛ ሙሉእ ቦታ ዘለዎ ይመስለኒ / እኔ ቸ ፺ ጀ ወዘተ ገና ካብ ኣምሕርኛ ቃላት ምስ_ እንኃቅሕ መፀጠፈ ከከውኑ እምበር ግዱን ኣይናይናን ፡፡ ፀ/ጸ ዝብሃሉ ድርብ ፊደላት ኣለው ፡፡ ንዝተዓዘበ ፀ ዝብለ ጤርቀ ብጤይ ካብ ከለቲኦም ምቕጻሙ ብጋናይ ንስጤ ይእቱ ፡፡

ቀዳሚ ምዕጋትና ጸ ፣ T ኣብ ትግርኛ ቋንቋ ዓቲ ኣባት ኣይከኑንን ፡፡ ኣገ ለግሉቶም ከምኒ ቻ ፣ ጀ ወዘተ ከከውን እዩ ፡፡ ሸ ፣ ቕ ኣብ ትግርኛ ፊደል ብሥርዓት ኣይ ተፃሕፍን ዘሸናይ ቋንቋና እናፈተዎም እናዘዉተርዎ ይገኑ ፡፡

ናይ ቋንቋ ኣኪዓሚ ከሸዐ ዝፍጠር ወይስ ዝቕወም ተዛረብቲ ትግርኛ ጆጋኸም ከመዕ ብሉ ፀጠቕ ይምነየሎም፣ እረ ካብ ትምኒት ሰጌረ ከም ሥርዕም ክርእዩ ይመክር፡፡

## 2ይ ምዕራፍ

## ፀረ-መሳፍንቲ ፀረ-ሃፀያውያን

### ዕላማ ገድሊ ሰውራውያን ኢትዮጵያውያን

ኣብ ርእሲ ኢትዮጵያውያን ክልቲ ቀንዲ ፀላእቲ ነጊሦም ይርከቡ :: ቀዳማይ ዝበለየዉስ ኣረጊት ሥርዓት መሳፍንቲ፣ ፊውዳሊዝም_ እንተኸውን ካልኣይ ከኣ ሥርዓት መሳፍንቲ ከጠፍእ ዝሕሎ፣ ብሎ ተፀጊዑ ዓዲና መዕንገሊ ባዕዳን ገዢራዊ ዝርከብ ሥርዓት ሃፀያውያን-ኢምፔርያሊዝም-ይብሃል ::

እዞም ክልተ ፀላእቲ ሕዝብና ክነጥፍእ ነዊሕ ሕዝባዊ ገድሊ ይፅበየና ::ቀዳሚ ብረታዊ ገድሊ ገና ፀረ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ክልቲኦም ሥርዓት ምኹዋኖም ንተጋደልቲ ሕዝብና በሪሁ ክረኣዮም የድሊ :: እምበኣር ከስ ገድሊ ሰውራውያን ደቂ ኢትዮጵያ ፀረ መሳፍንቲን ፀረ ሃፀያውያንን ዕላማ ዝኸውነሉ ኣብነት ካብዚን ካብ እስዒብና እንፀብፀቦ ምኽንያታት እዩ ዝለዓለ ::

### ሥርዓት መሳፍንቲ_ፊውዳሊዝም_ ትርጉሙ

ሥርዓት መሳፍንቲ ዝበኾ ዝጸለፎ ብሉይ ሥርዓት እዩ :: ኣብ ኣውሮጳ ሥርዓት መሳፍንቲ ካብ ዝወፅኡ ክልተ ሠለሥተ ምኢቲ ዓመታት ይኸውን :: ኣብ መቐበሩ ዝተኸለ ሥርዓት ኪታታት ካፒታሊዝም ሎሚ ዓርጋ ኣሪጉስ እናወደቐ፣ ይገኒ :: ቀዳሚ ሥርዓት መሣንቲ ሥርዓት ባርነት ዝበሃል ዝበን ነበር :: ንሱ ምስ ኣረገ ሥርዓት መሳፍንቲ ኣብ ክንድኡ ተተክአ ::እምበኣር ከስ ፊውዳሊዝም ኣብ መንጎ ሥርዓት ኪታታትን ሥርዓት ባርነት ዝርከብ ሕብረተ ሰብኣዊ ሥርዓት ሲስተም እዩ ::

### ሃፀያዊ ሥርዓት-ኢምፔርያሊዝም-ትርጉም

ኢምፔርያሊዝም ዝለዓለ መልከዕ ካፒታሊዝም እዩ ይብል ሌኒን :: ሃፀያዊ ሥርዓት ናይ ኪታታት ምጥፋእ ኣብ ዝበፅሓሉ ግዜ እዩ ብሕብረተሰብኣዊ ወይስ ሕዝባዊ ሶሻሊስት ሥርዓት ክለወጥ ኣብ ዝበፅሓሉ እዋን ዝተፈጠረ ዕዉሙ መናውሒ ዝኾነ እዩ :: ስፈጢጥርሉ ከኣ እቲ ቀደም ትኽ ኢሉ ብጻይሊ ወሪሩ ባእዳዊ ሥርዓት _ኮሎንያሊዝም_ ወይስ መግዛእቲ እሕኒኹ ኒኦኮሎንያሊዝም_ ዝበሃል መንገዲ ብምፍጣር እዩ :: ትርጉሙ ከኣ እን ካብ ብኢደይ ፣ ብኢዱም _ግዝኣት_ ዝበል ብሄል ዝጺዝ እዩ :: ናይ ሃፀያዊ ሥርዓት ቀንደ መራሕትን ፈለስፋትን ከኣ ኣሜሪካ ዩ.ኤስ.ኤ. እንተት ክኾን ሰዓብታ፣ ጃፓን እንግሊዝ፣ ፈረንሳይ ፣ ኢጣልያ ወዘተ ክዒኖን ይርከባ ::

### ሥርዓት መሳፍንቲ-ባይነቱ

ሥርዓት መሳፍንቲ መደበታዊ ሥርዓት እዩ እቲ እንታይ /እ.እ/ ብዙሕት ናይ ናብራ ፍሉይ ዝርከቦም ሕብረተ ሰብኣዊ ክፍሊታት ወይስ መደባት ኣለው ::



ብዝዕባ ፀጋጋ=መደብ = ፍሉይ ፅንዓት ክሳዕ እንረክብ ኣሰማት እቶም ኣብ ሥርዓት መሳፍንቲ ዝረከቡ መደባት ፀራሕና ንጠለፍ :: ብሓፈ ገፅ ገዛእቲ መደባት ዝብሃሉ _መደብ መሳፍንቲ መደብ ቢሮክራሲያውያን እንተርከቡ ብኸሰ ገፅ ከኣ ግዙኣት መደባት ዝብሃሉ መደብ ሓረስቶት ፣ መደብ ሠራሕተኛታት /ዓያይቲ/ ፣ መደብ ንኡስ ቡርዣ /ደቂቅ ቡርዣ/ መደብ ዘይ ዓያይቲ ዝብሃሉ /ንኣብነት ሸቀልቲ ፣ ዕዋሎ ፣ ፀረግቲ ጨማ ምናዳ ከማ ሽራሙጥ ብጠበር ኣብዚ መደብ ይኣትው / መብዝሕትኦም ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ናይ ሕብረተ ሰብእ ክፍሊ ይርከቡ :: ከንርእይ ዘይገበኣና ገና ሥርዓት መሳፍንቲ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ስለዝፋ_ሳለ ቅፀሪን ፣ መልከዕ መደባትን እዉን ከምኡ ይፋሳለ :: ሳዕሳይ ዝለለናዩ መደብ ቀፀራ ኢትዮጵያውያን ተምሃሮ ኣብ ዓዲና ይርከቡ እዮም ዝብሎዎም መደባት ጥራሕ እዩ ዝርኢ :: ዝሰዕብ ፅሑፍና ብዝዓበየ ካብ ናብ ካልእ ናብ ኢትዮጵያ እዩ ዝማዓዱ ::

ኣብ ማእከል ክልተ መደባት ኩሉ ሳዕ ዘይም_ስምምዕ — ፀሪ ይርከቡ :: ፀሮም ዓቢን ንዑስን ክኸውን ይኽእል :: ዓቢ ፀሪ ዝለዎም መደባት ዛንታወጽ ሰብ ከምዘምህረና ኩሉ ሳዕ ይጋደሉ :: መወዳእትኡ ሓደ መደብ ይሥዕር ካልኣይ ከኣ ይሥዓር :: ገድሊ መደባት ኩሉ ሳዕ ኣብ ማእከል ክልተ መደባት ዝርከብ ፀሪ ንምፍታሕ ጥራሕ ኣይኮነን :: ንዝፈረርም መደብ/መደባት/ ከጥፍእውን ይጋደሉ :: እምበኣርከስ ኣብ ኢትዮጵያ ገዛእቲ መደባትን ተገዛእቲ መደባትን ኣለው እንተንብል ገድሊ መደባት ኣብ መንግስምደከሳል እዩ ናብ ዝበል ሕንፃፅ ንቢፅሕ :: እቲ ኣብ ማእከል ነንሕድሕዶም ዝርከብ ንኡስ ፀሪ ከሿቡ ተደሪፉ ይፅንሕ :: ንኣብነት ኣሕጺሮስ ሠራህተኛታትን /ዓያይቲን/ ኣብ ዝተፋለለየ መደብ ይዓለቡ :: ገናኸ ኣብ ማእከሎም ዝርከብ ፀሪ ንዑኸቶ ሰለዝኸወነ ሓረስታይ ኣብ ርእሲ ሠራሀተኛ ኣይ_ወፀንን :: ወይስ ድ ሠራሀተኛ ኣብ ርእሲ ሓረስታይ ሸጉጡ ኣይመዝዝን ::

ናይ ዓለም ዛንታ /ታሪኽ/ ሥርዓት መሳፍንቲ ብዙሕ መፋለዪ /ምልክት/ ከምዘለዎ ይናገር እዩ ይብል፤

ሀ. ማሕረስ :— ኣብ ሥርዓት መሳፍንቲ ማሕረስ ዓርጋ ኩሉ ሻዕ ብናይ ቀደምቲ መንገዲ ይከየድ :: ማሳ ማሕረስ ዝይሠለጠነ ጥራሕ እንተይከነስ ቀጥዒ ዝለዎ ናይ ሥራሕ ዕዱዉል ይጥፅር ::

ለ. ፍረ_መሬት :— ካብ ርሃዕ ሓረስቶት ዝርከብ ፍረ ወይስ ምህርቲ ንብለጹ ዝኸውን እምበር ንሽቀጥ ኣይተርፍን እቲ እንታዩ /እ.እ/ ንናብራ ሰውራ መዕንገሊ እምበር ንዕዳጋ ዝኸውን ማሕረስ ኣይሕረስን :: ከምዚ ዝኸውነሉ ኣብነት ከኣ ሥርዓት መሳፍንቲ ጥቓሚ ዕዳጋ ዘይማዕበለ ሸቀጥውን ኣዝዩ ደሓር ሰለዝኸወነ እዩ ::

ሐ. ቁርብ መሳፍንቲ ዓቢ መሬት ሒዞም ብዙሕ ተሓራሲ ግራት ጣሒሩ ይተርፍ ::

ብዝሒት ሕጫራት —ፍንትስ_ ኣብ ኣገሪ ሒደ መስፍን ይጽርሑ እዘይ ከላ ካልእ መሰ ከዐ ሥርዓት መሳፍንቲ እዩ ::

ጠ. ካብ ሕረስ ዝርከብ ምህርቲ ወይስ ፍረ እዚ'ዩ ሒደት እዩ:: ምክንያቱ ይንኣስ ይዐስ ኣብ ስተሓዚ መሬት ፣ ኣብ ሜላ ኣተሓራርሳ ፣ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬት ኣብ·ቲ መሬት ዝጠፍእ ገንዘብ _ካፒታል_ ዝገነዩ ጉድለታት እዮም ::

ሠ. ኣብ ሥርዓት መሳፍንቲ ናይ ሕዝቢ ኣተሓሳስባ ቀጥዒ ዘይብሉ እዩ ::ንኣብነት ሃይማኖት ካብ ኩሉ ዝዓበየ ቦታ ንገር ከዋኑ ይርከብ :: ኣብ ሰማይ ሰማያት ካብ 'ከብዲ ዝተፈጠረ 'ዜናታት ፣ ናይ ጢስዉቲ ነብያት ስብከት ፣ ናይ ጠንቆልቲን ስብ ዘዕባሳን ተኣምር ብዘይ ጋእታ ይኣመን :: ሕዝቢ ናከኣ ይሰግዶ :: ብሲ ብሲ እቲ ሕዝቢ ገዚእምትፍኦ ጥራሕ ኣንተይከውነስ ብፍርሒ ፣ ብስግኣት የሰክሕከሕ ፣ ይጠምም እረ ይዓብዶን ይመውትን እዚ ከይፈርስ ዱማ ለምዲ ፣ ባህሊ ፣ ናይ ቀደምቲ ሕጊ ዓዲያን ሒዱፍያን ይርከብ ::

## ኣነባብራ መሬት ኣብ መሳፍንታዊት ኢትዮጵያ ::

ናብራ ዝበዝሐ ኢትዮጵያዊ ኣብ መሬት ዝርዩ እዩ :: ዱቦነት ወይስ ዝኸውነ ፀገም ዝመጽኣሉ ኣብነት ክሳ መሬት ተንተርሲሉ ምኩዋኑ ካብዚ ንርእእ ::እዚ ናብይ የምርሕና ኣብ ወዲ_ሰብን መሬትን ዝርከብ ኩነታት ኣፀቢቕና ምምርማር ከምዘገብኣና :: ዓበይቲ ገናኽ ገዐዙያት ጠቒታት ኣብ መንግ ኣሕረባን መሬትንከገሪሲ ልና::

ቀዳሚ ቀዳዉ ኣብ መሉእ ኢትዮጵያ ሸሕ እኳ መሬት ናይ መጀመርታ መፍረይ መይላ /ሚንስ ኦፍ ፕሮዳክሽን/ ይኹን እምበር ፀገም ጢረስታይ ሰሜን ኢትዮጵያን ሒደ ብዩይ ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያን ነንበይኑ እዩ :: ብሉ ብሉ ንኸሸዉ ብሰሜናታይን ደቡብታይን ኩነታት መቒልና ክነርኢ ንመከር ::

ቀዳማይ፣ ሰሜን ኢትዮጵያ :— ኣነባብራ መሬት :: ሰሜን እንካብ በልና ፣ ሎሚ ወሎ ፣ ሸዋ /ፈረንጅ/ ጎጃም ፣ ቤጌምድር ፣ ትግራይ ክምኡ 'ውን ኤርትራ ተቢሂለን ዝፀወዓ ክፍለ ገዝኣታት ምባልና እዩ ::

ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ከም ኣብ ደቡብ ኣተሓሕዛመሬት መሳፍንታዊ እዩ /ብዘይ ኤርትራ/ ::ገናኽ ርእሲ ዕሙናና ንምዕባብ መሬት ሰሜን ኣብ ሠለሥተ ክፍሊ ፈሊና ነፅንዕ ::

ሀ. መሬት መንግሥቲ /መሳፍንቲ፣ ሹማምንቲ/

ለ. መሬት ኣጸቢራት /ቤተ ክርስትያን ፣ ደብሪ ፣ወዘተ/

ሐ. መሬት ጢረስታይ /ጢረስታይ ፣ ጢሰዉ ሜሰ /ዘሳን/ወዘተ/



ሀ.መሬት — መንግስቲ :— ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ብብዝሖን መንግስቲታት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይለዋወጥ ነበረ ::ንኣብነት ፣ ናይ ጎንደር ፣ ላሊበላ ፣ ኣኽሱም ፣ ቶብያን ወዘተ. :: ነዚ መንግስቲ ብዝገዝኡሉ እዋን ናይ ባዕሉ መሳፍንቲ ፣ መኳንንቲ ወተሃደራት ፣ ወዘተ. ብጢፎረ ዝተፈላየ ናይ ሒደ መስፍን ሥርዓት ይሠርዕ :: ከመይ? 'ከመይ ዝበለ ፅቡቕ' እምበኣር ከሰ ሰብ ማሃያ ዝኸውኑ ወተሃደራት ብዘይብጽሓ ገዚ ነገሥታት መሳፍንቲ ፣ መኳንንቲ ፣ መንእሰይ ዓዲ እናመለመሉ ናብ ውግእ የዘምቱ ከም ዝነበሩዎም ይናገሩ :: ኣብ ገዜ ውግእ ንፋዕ ወይስ ብርቱዕ ዓብዝ ኩሉ ይሕሪ ሜዳ ይሸሞ :: ምናዳ ምናዳ ወዲ ጠደመስፍን ኣንተኸዊኑ ከባዕ ደደን ዘማቲ ፣ ኣሰላፍ ፣ ፊት-ወራሪ ዝብሃል ከምዝነበረ ኩሉ ይዝንቶ :: ክዳን /ሹመት/ ጥራሕ ኣይከውነን ዝለበጦ እንታይ ዱኣ መሬት ጢረስታይ ተጢዒኑ'ውን ይዕሰብ :: ጠመንጃን ወተሃደርን /ጢሽከር/ ኩሉ ይእዝዝሉ :: ንሱ'ውን ብዘለዎ ዓቕሚ ከብ ዝወፈር ዘመቻ 'ባርያ'እናኽብከበ ይመፅእ :: እንተዋጢደ ጢደ ጢሙሽተ ሸኣሽተ ሰደበይቲ /ወሻሽም/ ይነብርዎ :: ኣብ'ዚ እዋን ዝዉለዱ ቆልዑ ባዕልኹም ገምቱ :: ሽሕዄ'ናይ ባዕሉ ጉደትነት እምበር ናይ ቆልዓ ሰበይቲ ጢጢ ዘይህወኽ እንተኸወነ ሰዱሉ ብከምሉ'ን ይዓቢ :: እንታይ ማለት ለከዐ ናይ 'እንዳ ጎይታ ኣይተ 'ቤቱ ሰብ ይፍጠር :: ንሱ ከኣ እዚ መስፍን እናብለ ናዮ- ዝፀናዕና ቃል ይትርጎም ::

ሰንምቲ ንቖዩሚት ጢሉፍና ፣ እንኣሕር እዚላዕላይ ዝፀራሕና'ቶ መስፍን ' ጢይሉ 'ካለኣት መሳፍንቲ ብምስዓር ንጉሥ ከኸውን ይኽእል :: / ኣብ'ዚ ከትርጾን ደሊ እንህብኩም ኣብነት ካብ ጢቶ ዝይረጢቓ ናይ ሃፀይ ዮሃንስ ናይ ንጉሥ ምኒሊክ ፣ ከምኡ'ውን ጢደ ናይ ወሎ /ንጉሥ ሚካኤል/ መስፍን ወዘተ. ዝተለዓሉ መንግሲ ዘጢቓለለ ኣብነት እዩ :: ካብሉ እተለዓለ እዩ ከኣ ናይ መንግሺ ሥዩምን ፣ ጢብቶ ለዕለቲ ወለ ተሥራሒሉን መሬት ተገራይ ኣይተረፈ መሬት 'ጋሻ' ወረርዎ ዝርእዩ :: ኣብ መሬት መንግሥቲ ዝቆፀረሉ ከኻ ብቀዳሚ ሕደ ክወነ ሕደ ከም ነገሥታት ብዓፀሚ ፣ ብኽዳን /ሹመት/ ዝወረርዎ መሬት ዱማ እዩ / :: ከምዚ ዝበለ ሥርዓት ኣብ ኤርትራ ብገዝኣት ጥልያን ገዢ ጠፊኡ ሎሚ ዝርከብ ኣተሓሕዛ መሬት ትሕት ኢሉና ከርሲ ኢና ::

ኣተሓሕዝና ምስ መሬት መንግስቲ ዝቀራረብ ናይኣነባብራ መሬት መፅርጺ ነቕርብ::

ጉልቲ :— ወይ ብጢይሊ ወይ ብዓፀሚ /ብዘርኢ/ ዝነገሠ ወይስ ማዕሮ 'መስፍን ጎጃም 'ት ዝበፀሐ ናይ መንግስቲ መሬት ዝብሃል ንብረት ኣለው :: እቲ ንጉሥ /ሰሚነታይ/ ወይስ መስፍን ንእሙን ጢሸከረ፣ መገለገልቱ ይዕደል :: ዝተዓደለ መሬት ወይቲ 'መስፍን ጎጃም ፣ መስፍን ትገረ ወዘተ.

ወይ ከምሸለማት /ካሳን/ ወይ ከም ወፈራ /ገበሳዕ/ ዝተዋህበ ክኸውን ይኽእል :: ብዛዕባ–ኣጠባብራትን ኣብያተ–ክርስቲያናትን እንተንዛረብ ክይንምለስ ምእንታ መሳፍንቲ /ነገሥታት/ ገፀቶቱ ወይስ ንስርዓቶም መሐለዊ ንኣጠባብራት መሬቶም /መሬት–መንግሥቲ/ ይህቡ ከምዝነበሩ ሕጂውን ከምዝህቡ እዋ ጉልቲ መሬት ተባሂሉ ከምዝፀዋዕ ኣስተውዕሉ::

መሬት–ሣሣ :– ቀደም ፀ ተሓደረት /ሰብ–ማሃያ/ ብዘይ ነበሩሉ እዋን ኣብ ገዜ ሰላም ሓሪቦም ንመሳፍንቲ /መንግሥቲ/ ብሳዕ ከኸፍሉሉ ዝውሃቦም ዝነበረ መሬት እዩ ::

መሬት–ደሰታ:– /ሉሚ ዓርጋ የሰቦን/ ንሓሳው በጺሑ ዝውሃብ መሬት እዩ 'ግንደበል' መሬት እውን ተባሂሉ ይፀዋዕ ::

ሁዳድ–መሬት÷ 'ጥራሕ ንመንግስቲ ዝተዋህበ መሬት እዩ :: ብምስለኔታትን ገበርቲን ይሕረስ ምህርቱ /ፍረኡ/ ከኣ ኣንቱዩ ግደለ ናብ መንግስቲ ይለኣኽ :: መሬት ኣብ ዝዐደለሉ እዋን ረጉዱ መሬት ተመሪፁ ፣ ኣብ እዋን ዕጹ'ውን ኣዝዩ ሰሚዑ ፣ ሓጋይ ምስ ኸረምቲ ኣንተይብኸረ ዝፍሬ ዓይነት መሬት እዩ :: 'ሁዳድ ናብ 1. ማእዲ ቤት 2. ወረገኑ 3. 'ብዓል–ደረሴ ' ተባሂሉ ናብ ሠለሥተ መደብ ይምቀል :: ቀፀሪ 2.ን 3. ኣብ ጥንቓ ማይ /መስኖ/ ይዓለብ :: ናይ ቤተ መንግሥቲ ማል ከኣ ይውዓሉ /ይዕንገለሉ/ ደጋብዛዕባ መሬት መንግሥቲ ካብ ዝረብና ቀዳሚ ምውዳእና ሓንቲ ቀም ነገር ነቖርብ :: ዓርጋ ኸሎ ተሓራኒይ መሬትሰሜን ኢት ዩጵያ ናይ መንግሥቲ እዩ ዝብሃለሉ እዋን እውን ኣሎ :: እና ተብሃለ ከኣ 'ዓሥራት' ወይስ ካብ ሜእቲ ዓሥርቲ ኢዱ ንመንግሥቲ ገበሪ ይገብሩ ፣ ፈሰስ ወይስ 'ኣቲ ተገራዋይ' ከምዝብሉ ዕዳ ይዝነናም ::

ለ. መሬት–ኣደባራት ፤ ኣብዚ ክፍሊ'ዚ ዓብያተ ቤተክርስቲያናት ገዳማት ኣደባራት ፣ ቤተ ክህነት ወዘተ. ይሓተፉ :: ካብቲ ተሓራሲ መሬት ሣሣኡ /ሰላሣ ካብ ሜእቲ/ ናይ ቤተ ክህነት ወይስ ብሓፈሩ ናይ ኣደባራት መሬት ምኹዋኑ ሓደሓደ ፅንዓት ቀዳሚ ሕጂ'ውን ቀሪቦም ይገኑ :: ኣገላለፂ ምእንታን ከጥዕሞና ኣብነት ንጠቅስ ::

ኣኸሱም ፅዮን ፣ ደብሬ ፣ ዓብያተ ክርስቲያናትዝርከብሉ ኣብ ርእሲ'ዚ ክኣ ብተምክሮ ኣቐሪቦና ሰለንፈለጠ ናታ መሬት ተሕዝቶን ሥርዓትን ንሓሪ::

ኣኽሱም ቀዳስቲ ከተማ እያ ብምባል ካብ ጎንደር እስካዕ ኣንከበር ንቓፃት ፣ ገፀዲ ወዘተ. ከኸወናም መሳፍንቲ ዓበይቲ 'ሊቃውንቲ' 'መሬት ደብሪ' ከምዝሃቡዋ ፅሑፍ ኣብ ኢዶና እንተዘይሀለወ ሉሚ ሒዚቶ ብዝርከብ መሬት ነረጋግፅ :: ናይ ፅዮን መሬት ሓያሉ ሰፊሕ እዩ :: ብለዝኸወነ መሬት ፅዮን ወይስጉልቲ ፅዮን ዝማሓዳር መሎእ ደደገ–ዘማቲ ከምዝሃለወ ንፈልጥ :: ሽዓኑ /ሸመቱ/ ካብ መንግሥቲ ጥራሕ



እንተይከወነ ካብ ገዳም 'ውጉ' 'ገበዝ' ተባሂሉ ይፀወዕ :: እወ ናይ ጉልቲ–ገበዝ ጥራሕ እምበር ሃይማኖታዊ /ክህናዊ/ ገበዝ ኣይከወነን :: ናይ ፅዮን ክህናዊ ገበዝ ብብዓመቱ ይኾን ብብሸለቱ ዓመቱ ዝምረፅ ከኣ ኣሎ::

መሬት–ፅዮን /ጉልቲ/ ከመይ ዝኣ ዝመሰል ርኽክብ ምሳኺታ ደብሪ ንኣገልገልታን ኣለዎ ዝብል ሕቶ ገዲን ፅቡቕ ::ካብ ኣኸሱም ወፂኡ ንኣብነት ኣብ ዓዱዋ ዝርከብ ጉልቲ ሰረስቶ ቀሻውንቲ እዮም ::ፅዮን ቤተ ክርስቲያን ናይ ማርያም ስም ዝሓዘ ዘበሳ ኸሎን ኣብያተ ክርስቲያናት ተገብረን :: ከመይ ንኣብነት ሓንቲ ኣብ ዓዱዋ ዝተቐበለት ኢንዳማርያም ዘገልገሉ ቀሻውንቲ መሬት ተዓዲሎዎም ሓሪቦም ነታ ዘገልገልዎ 'እንዳማርያም' ብሳዕ /ሣሣ ፣ ርባዕ ፣ ሕምሻን/ የብፅሑ :: ብድሕሪኡ እንዳማርያም ዝበፅሓ ምስወሰደት ብመማሓደሪኣ /መራሒኣ/ ተኣኪቡ ንኣኽሱም ይፅዓን :: እዚ ሥራሕ ካብ 20–30 ኣብያተ ክርስቲያናት ምእታውን ዘይምእታውን ዘረጋግፁ ገበዝ መሎእ ደደገ ዘማቲ ከምዝለው ተዛሪብና :: ኣብቲ ደብሪ ዝርከቡ መናኩስ ፣ ባሕታውቲ ፣ መገልገልቲ /ቀሻውንቲ/ ተምሃሮ ወዘተ. ይነብሩ :: ኣብ'ዚ ባሳ ኢደም ፣ ባሳ ኸእለቶም ካብ ጉልቲ ዝመፅእ ብሳዕ ጋና ናብ ፅዮን ኢዱ ኣንተይኣተወ ናብ ገዝእም ዝፅዕኑ ሃፍቶም ቂሻውንቲ፣ ደብተር ፣ ሊቃውንቲ ኣለዉ :: ናታቶም በታ ምስ እቶም ሓሪቦም ዝገብሩ ዉኪታት ቀሻውንቲ ማዕር ከምዝይከወነ ብሩህ እዩ ::

እምበኣር ከስ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ብቐፀሪ ሓደ 'ምከትል ወረዳ 'ሓንቲት ደብሪ ወይስ ቤተ ክርስቲያን እንተሃለወት ፣ መሬት ዘይብላ ደብሪ ከም ዘይምህላዋ ምስእንፈለጥ 'ብሓቂ ሉሚስ 'ዚ ቤተክርስቲያን ኣብዚሒቶ' ከምዝ በላ ቅኺ ንብለ ንኽውን ::

ምስ መሬት–ኣደባራት ናይ ሓደ ሓደ ያላት ትርጉም እንተዝኽና ኣይከፍኣን ፤

ዝሓዝዎ መሬት፣መገልገሊ ካተደራል

መሬት–ኽህናት :– ለዕለ ኢሉና ከምዝረኣናዮ ሓንቲ ደብሪ ዝሐርስዎ መሬት እዩ እንደሕር ወዲ ሓደ ቅኺ ዘይተምሃረ /ዲያቆን ፣ መምህር ፣ ቀሺ ፣ካህን ወዘተ. ዘይክዊኑ/ ካብ ኣብኡ ክወርሱ ኣይክእለን :: ናይ ቤተኽህነት ዘይከወነ መሬት ብርስቲ /ብመሬት–ኣቦ/ ጥራሕ ክወርስ ይኽእል :: ናይ ቤተ–ኽህነት መሬት ኣዝዩ ዝፍተወሉ ኣብነት ገበሪ ዘይኽፈሉ ምኻዋኑ እዩ :: እዚ ብዝሓት ኣቑሽቲ ደቆም ክህናት ክኸውኑ ሪዒሎሞም ይርእ :: እንደሕር ሓደ ክህነ ኣፍሪሱ /መርዓቱ ፈቲሑ ካልእ ኣእተወ/ ደብተራ ይኸውን :: ወይስ ኸኣ መምህር /ቤተ ኸህነት/ ይኸውን'ም ተምህርቱ ኣናዕውቖ ከምኺዱ ከኣ ብዙሕ ናይ ዱጋምን ጥንቀሳን ጠባይ የብዝሕ ::

ገዳም–መሬት :– ሓቲ እንተደኣ ተዛሪብና ናይ ሓደ ደብሪ መሬት ካብ ናይ ቤተ ክርስቲያን መሬት ዝፍለየሉ እዋን ኣሎ :: ንኣብነት ሓንቲት 'መነከሴ'

ምሙንካስ / ናብ ገዳም ምእታዋ/ መሬታ ንሕምሽን /ንበላዕ/ ሂቡ ኣብ ገዳም ብተነብረሉ ግዜ ትጥወረሉ ። /ገዳም ከተሳቶ ከሎ ተምሀርቲ ኣይዉሰን ።/ ሰዓቡ ኣብ ገዳም ዝነበሩ መናኩስ ዝበዝሑ ዝመንኑ ስለዝኸወኑ ነታ ደብሪ ብፍላይ ዝቆሙ ኣብ ቀረባ ዓዲ ዘሎ መሬት እዩ ። ሰምሰም ፣ ክሳተ ባዕ ኣብ ዓመት ዘፍሪ ፣ ዘሕዅ "ዘፀዱቀ" መሬት ይብሃል ። ናይ ገዳም መሬት ንኺሰስ ገዳም ኣይተሓሰሰፍን ።

ሐ. መሬት—ኣሕረስ :— ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝርከብ ኣነባብራ መሬት ዝበዝሐ "እንዳታይ" /ኮሙናል ፕሪሚቲቭ/ እዩ ዝበለ ሓሳብ ኣብ ዘይፈለጡ ደቂ ኢትዮጵያ ተም ሃሮ ጥራሕ እንተዘይከወነስ ጸቒ ሰሜን "ውን እንተጋገዩ ይርኢ ወይስ ይሰማዕ ። ብዘ ይጠራጥር መሳፍንታዊ ምኽኖቱ ናይ መሳፍንቲ ናይ ቤተ ክርስቲያን /ኣዉባራት/ ኣነባ ብራ ከፕርኢ ብዘቃኳርናሉ ከምዝረደኣኩም ተስፋ ንገብር ።

ብፅትና እንዳታይ መሬት ኣሰሩ ርእዎ /ሰሚዖም/ እምበር ካብ "ከበድም" ፈጢሮምዎ ኣይኮኑን ። እንዳታይ መሬት ሎሚ ከም ጋም ተሰሒ ኣብ ሓንቲ ቦታ ጥራሕ እዉርከብ ። ንሱ ዉን ኣብ ኤርትራ ደቂ ኣምሓረ ኣብ ዝብሃል ቦታ /ብዝዐበሎ ጆር ጅ ሲ. ሳጠርዱ ሰበ ፍልጠትና ኢትዮጵያ ዝበለ ኣንበበ/ እዩ ። ኣብ "ዚ ቦታ"ዚ መሬት እንዳታዊ ኣሎ ዝበሰና ኣብነት ንርኢ ። ቀዳሚ ነዊሕ እዋን ስዒም ንኽንገፀርጸ ዘይኪ ሉና ሠለሥተ ደቂ ሀ. ለ. ሐ. እብ ደቀምሓረ ነበሩ ። መጀመርታ ተከሊቲ ደቀ እምሓረ እንተዩኮኑ ኣይተርፉን ዝበለ ገምት ኣሎና ። ደቂ ኣምሓረ ሀ. ለ. ሐ. ውሉ ሰዶ ወለዶም ሎሚ ዓቢ እዩ ። ዛንታኦም ዉን ዓበይ እንተዩኮነ ኣይተረፈን ። ዝኸወነ ኮይኑ መሬት ብኣብ ጥራሕ እዩ ዝወረሰ ። ብሎ ብሎ እንዳ ሀ. ፣ እንዳ ለ. ፣ እንዳ ሐ. ተኻሂሎም ይፅውዑ ። ሎሚ መሬት እንተዐደለ ሓይ "ወዲ እምሓረ" ወ ዝካብ እንዳ ሀ. ለ. ሐ. ብስብኡ እንዱሕር ዘይተወለደ /ዘይቀረ/ መሬት ኣይዐደሉን ።

መሬት ደቂ ኣምሓረ ናብ ሠለሥተ ይክፈል ። ረጉዲ መሬት ፣ ማእከላይ ፣ ረጊቕ ። ረጊቕ መሬት ምዓል ማለ እዩ ። ከይሕረስ ብለማዱ ሕጊ ዝተገዘተ ነውሪ እዩ ። እቲ ረጉዲን ማእከላይን ግን ኣብ ዝተወሰነ ዓመታት ብሸማግለ ዓዲ ማዕር ተመቒሉ ካብ ቀዳማይን ዳሕረዋይን ንዓሉ ወዲ ኣምሓረ ይዕደል ። ብዉሕድ እተወሰነ ዓመታት ዋዕላ ይፅዋዕ ፣ ሸማግለታት ይምረፁ ፣ መሬት ተኣኪቡ ሰሙዐን ዘይሰሙዐን ማዕር ከም ደሕ ረይ ቀዳማይ ይዕደል ። ከምዑ "ናብ ለ ንወለዱ ፣ወለደ ይ ተሓለፍ ።

ብዛዕባ እንዳታይ መሬት ኣተሓሕባ ይገለፁ ይኽዉኑ ኢሉና ጥራሕ እንገምቶም ፣ ሰሑና ፣ ዉገራፍ ፣ ባሰሰ ፣ ከሊ ፣ ዝበሉ ዘይበሩ ሃት ገና ዓመቃቲ ቓላት ተገርና ኣብ



ዓዲ ዝርከቡ ብፅት ሓቲዎም እንተዘፍልጡና ምተሓጉስና ። ብዛዕባ ናይ ቀደም ሥርዓት እምበር ናይሎሚ ሥርዓት ዘይገለጹ ከምዝይኸወኑ ብሎ /ብሩሃት ዘይምኩዋኖም/ ንፈልጥ ።

ኣብ ካልእ ቦታ / ሰሜን ኢትዮጵያ/ ዝርከብ ሓረሰታይን መሬቶን ብዝርኢ ሓቲክ ከመይ ይመስል? ለዕለ ኢልናከምዝረኣናዮ ለሙዕ ገራት ፣ ረጉዱ መሬት ኩሉ ኣብ ኢዱ መሳፍንቲ ወይ ኣዉብር እዩ ። ናይ እንዳታይ ሥርዓት "ውን ፈሪሱ ብመሳፍንታዊ ተሠሪዑ ። ንሓረሰታይ ሎሚ እንታይ ተሪፍዎ? ዘየምዉት ዘየሕዊ ዉጋም መሬት ይሀልዎ ንሱ ከዓ መመሪቐቑ ። መሬቓቕ "ዉን ዘየብሉ ካብ ሥሩ ዝተበርቀቐ ቆፀሩ ሒደት ኣይኮነን ። ናብ ዓሚቕ ፅንዓትን ሠሡን /እናሉሕስ/ እንተንኣቶ ብዙሕ ም ተጋገኘ መንበብቲ "ዉን መሀከና ። እንካብ "ዝም ያ ዝም" ገና ሓይ ክልተ ቓል ንጠምት ፣

ርስቲ—መሬት :— መፈለሚያ ርስቲን ርስተ መሬትን ትርጉሙ ሓይ ዘይመጋኖን ርእ ። ርስቲ ኣሉቲ ወይስ ርስተይ እንተንብሮ መሰለይ ፣ ገደይ ፣ ብፅሒተይ ዝብ ል/ዑ ሃይ ይሀብና ። ርስተ መሬት ክኣ እቲ መሰልና ብዛዕባ መሬት ዝዛረብ ምኽንያቱ የርእ ። ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኩሉ ሰብ ወዲ ኣባት እዩ ። እቲ እንታይ ብዘለማዱ ኣዛራርባ ኩሉ ሰብ ካብ ወለዱ ዝወረሰ "መሬት ኣቦ" ኣሎዎ ። ቀንዲ መለለዪ ሓጹ ሰብ ተወላዳይ /ብዓል—መሬት/ ወይስ ስዱዕ /ጋሻ/ ብዝብል ስም እዩ ። ርስቲ መሬ ት ብዓል ብዙሀ ገራውቲ ጎይታ ሓረሰታይ ከወነ ዋልድ መትከል ዝንበር ዉጊ ከንበርዎ ይኽእል ። ቀ ነገሩ ከመይ ኢሉ ከኸውን ከለ ዝበለ እንተኸዉን ናይ ሃፍ ታምሓረስ ታይ መሬት ብሓይሌ ፣ ብዓፀሚ / ቀደም ወዲ ሓይ መስፍን ነይሩ ሎሚ ናብ ማሕረስ ዝተ መለሰ/ ዝተዋህለለ ፣ ናይ ዉጊ ሓረሰታይ ርስቲ መሬት ከኣ ኣብ ዉለዱ ወለደ እናተ መቕለት እናተ"ቀረሰት ዝንኣሰት ገራት ብዝበለ ሓፉር መሰሲ ነቑርበ ።

ዝበዝሐ ሓረሰታይ 50—60 ካብ ሚእቲ ናብ ክልተ ሰለስተ ፀበብቲ ገራዉቲ ም ንቢር ዝበፀሑሉ ኣብነት ፣ ሎሚ ገደለን ገዲሚን /ገበን/ ናብ ምኽዓት /ምብራዉ/ ዝኣተዉሉ ምኽንያት ፣ ብዙሕ ኣዉቖር ለቢቑ ዝሓርሱሉ እበር ፣ ካልእ ምኽንያት ኣየፀ ረጠናን መሳፍንቲ መኳንንቲ ኣዉብራት ሃፋትም ሓረሰቶት እናባረርዎ እምበር ።

መሬት—ቀፅም፣ መሳፍንቲ ፣ ወይስ መሬት ዝበዝሖም ኣሕረስ መሬት ንዘይብሎም ወይስ ንዝወሓዶም የዉፍሩ ። ዋጋ መሬትም ኸዓ ከም ውዕሎም ሢሠ ፣ ርባዕ ምሀርቲ ይምቀሉ ። ሓሪሶም/ዘብሉዑ ዝበዝሐ እዋን ብዕራይ ስለዘይብሎም ካብ መወፈርቲ ኣብዑ ር ይዉሃቦ ።

መሬት—ትዉፍርቲ ፣ ገራት ዝወሓደም ፤ ዝረቐቐም ፣ዘይብሎም ኣሕረስ ካብ ዘሎ ዎም ንበላዕ ብትዉፍርቲ ንኽልተ ሠለሥተ ዓመት ከምውዕሎም ይወሰዱ ።

ብመሬት ተደፋሪት ዝነበረ ኣሓረስ ብዛዕባት እዩ ። ሃፍትም ኣሕረስ እውን ካብ ቶም ኣውፅር ዘይብሎም ፣ ካብ ማእምን ፣ ካብ ዓቀይቲ ይወፈረ እዮም እንተዱሉዎም ይጠበሙ። ናይ'ዚ ጢቕነት ንምርኣይ ናይ ፍርዲቤት መዝገብ ምምርመርጥራሕ ምኽኣል።

ብዛዕባ ጉሉቲ ፣ 'ሕምሽን' ፣ ብዛዕባ 'ብኣዕ' ሰዐለ ኢለና ክምዘርኣናዮ ጠረሰቶት ካብ ገዳማት ፣ ካብ ፈለስቲ ፣ ብትወፍርቲ ተዋቢሎም እውን ይጠርሱ ።

ጠረሰታይ ርባዕ ፣ ጠደ መንእሰይ ካብ ወለዶ ብዙሕ ዘፀቢ ገዝሚ ዘይብሉ ይተርፍ ። ሾው መንእሰይ ፣ እንዳ ጠዳ ሰድራ ተቐቢሩ /ኣረገቶት ፣ ማእምን /ሰብኣይ ዘይብለ/ ፣ ሃፍቶም /ዘይጠርሰ/ / ብመገልገልቲ ሕረስ 'ቲ ሰድራ /ብዕራይ ምስ መሬት ፣ ናብራ / ዓመት ጠሪሱ የምህር /የፍሪ/ ። ካብ ዘፍረዮ ምህርቲ ርቢዕ ይምቀል ። ንኣብነት እንደሕር ፣ ብዕራይ ገዚኡ ናብ ቀፀም ጠረሰታይነት ይሰግር። ብሣሠ ፣ ብሕምሽን ፣ ወይስ ብዝተወሰነ ሰፍሪ እኽሊ /ገቢታ ፣ ያቤት/ ዝጠደር መንእሰይ /ጠረሰታይ/ እውን ኣሎ ። ካብ ኩሉ ዝዓምበረ ግና ጠረሰታይ ፣ ርባዕ እዩ።

መሬት–ትሕዲ ፣ ዝበዝሐ እዋን ኣብ ከተማ ወይስ ኣብ ጥቓ ከተማታት /ዐዳጋ/ ዝርከብ ዓይነት ኣነባብራ መሬት እዩ ። ንኣብነት ጠደ መምህር እንደሕር ናይ ንግዲ ሹቕ ከኸፍት ደለየ ርስቱ መሬቱ ንጠረሰቶት ብገንዘብ የትሕዞ ። ነጋዶ ምስ ኣፍረየ ከሰዐ ገንዘብ ዝመለሰ ጠረሰቶት ብዘይ ብሰዐ ይቕቀሎ ። ዝበዝሐ እዋን ጠረሰቶት ሰለዝጠለመ ብዘይ መንት ብዘይ ዓቕሚ ኣይፋለለይን ። ገበሪ መንገስቲ ብዚ እዋን ጠረሰቶት ይዓዩ ።

ገራት ፈረቓ ፣ ክልተ ኣዝማዱ ርስተ መሬቶም እንካብ ዝማቕሉ ብሕውነት ተወጠጠም ይጠርሱ ኣብ ዕዮ ክሳዕ ዝከኣሎም ማዕር ይውዕሉ ። ፍሬ ገራቶም ከኣ ኣብ ዓውዲ ማዕር ይማቐሉ ። እሽበሽብ ገራት ፈረቓ ዝማዕበለሉ ምኽንያቱ ገራውቲ ምምቃል ሰለዘዕንቀፀ እዩ ።

መትከል ፣ ጠረሰታይ ነጅኡ /ገዝኡ/ ዝሠርሐሉ ቦታ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዘይምቀል ዘይወፋር ገራት እዩ ።ክሊ ዝብሃል ቃለ ምስ መትከል ዝተዛመደ እዩ ። ጠሕሽግጀ ዝወፅአ መርዓዊ ዝበዝሐ እዋን ኣብ ናይ ሰበይቱ ገራት መትከል ይተክል ። ኣብነት ኸኣ ኣሕሙቱ /ኣሕዋት ሰበይቱ/ ይጠርር ከይሟጕቶ ።ኣብ'ዚ ንኣገረ መንገደና ሰበይቲ ካብ ኣቦኣ ብሰምዲ ኣጠ /ከፍቲ/ እምበር ገራት ኣይተዋዘምን ነበረት ። ሎሚ ብሕጊ መሰላ ክሕሉ ትጋደል ትርከብ ። እዚ ሰማዱ እንተይሳሕሰጠ ኣይተርፍን ። ተወዳዲ ሰበይቲ ሰለዝዕዝብ ክሊ ጠቕሰናዮ ።



ነገር ናብ ምዕጋት ነምርሕ ። ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ መሬት ዓርጋ ብዙሕ ለውጢ ኣይከውንን። መገለገሊ መይለ / ዋንስ ኦፍ ፕሮዳክሽን/ ክሳ ናይ ቀደምቲ /ንሪሚቲብ/ እዩ ።ኣብ ርእሲኡ ገዐዘዩ መስፍንታዊ ሥርዓት ከም 'ጋኔን' ተጠዚሉ ጦስም ባለከሊሎዎ ይርከብ ። ሴማነቶት ጥምየት ፣ ብብዓይነቱ ሕማም ፣ ቀዉሚ ቀዳዉም ስደት ሠዓርያም ይርእ ። ዘገርም ግና ጠሞቱ ይመውት ፣ ሲሚሙ'ውን ይመውት ናብይ ከይስደዱ? ባዕሉ ይመለሰልና ፣

1. ሑመራ ነይረ ማሕረስ ኣሎኒ

ኣብ ባንኪ ኣሎኒ እናበለ እዩ :——

2. 'ኣቶቦስ' ተሰቒለ ንዓዲ ኣበይ ተሰኺለ ወዘተ.

እወ ንዓዲ ኣውቶቡስ ፣ ንሑመራ ፣ ናብ ከተማታት ምኺኡ ይነገረና ። ሽሕ'ኳ እዚ ተገራዋይ ይድረፍ እምበር ቡን ዝኣሪ ወዲ ግንደር ኣብ ፈቐደ ዕዳጋ መስተ ኣትርከብ 'ወሉቆ' ፣ 'ዓሻሚ' ፣ ክምዘለ ዘይሕብእ ጠቒ እዩ ። እምበኣር ክስ ኣብ ሰሜን 'እንዳ' ወይስ ሰድራ ከም ኣረጊት ጋቢ ይቕደዱ ኣሎ ። ሎሚ ጠዓር ማለት ጥራሕ ወረ ከዋኑ ተሪፉ ። ናብ ኣኹስ ኣበጊ ወይስ ኣሥመራ ምስዳዱ እውን 'ፋሽን' እንተይ ኮይኑስ ዓቢየ ትምኒትን ሃረርታን ከዊኑ ይርከብ ። ብሉ ብሉ እቲ 'መደብ ሽቀለቲ' /ሎምፐን ፕሮሌታርያት/[+] ተፈጢሩ ኣሎ ። ኣብ'ዚ እኒ ሸራሙጥ ፣ ሸቃለቲ መዓለቲ ፣ ዐዋሎ ፣ ሮፋዓት ፣ ፀመቕቲ ሰፊ ወዘተ. ይዓለቡ ።

ሥርዓት መሳፍንቲ ገዐዙ ገዐዙ ገዐዙ ብሉይ እዩ ።ምጥፍኡ ኣይተርፍን ጥራሕ ንጋደል ኣብ እገሪ ዕላማ 'መሬት ነሕርሱ'! ከዊንና ።

## ክልኣይ ፣ ኣነባብራ መሬት ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ

ብዚ ገዜዊ ኣማቓልና ደቡብ ሸዋ ፣ ሲዳሞ ፣ ባሌ ፣ ገሙጎፋ ፣ ከፋ ፣ ኢሉባቦር ፣ ወለጋ ፣ ወሎ ፣ ሐረር ፣ ጠ–ገዝኣታት ኣብ'ዚ የዓለቡ ።

ብዛዕባ ሰሜን ኢትዮጵያ እንተንዘረብ ኣብ ማእከል ጠረሰታይን / ገባራይን/ መሳፍንቲን ኣደባራትን ዘሉ ርክክብ ርኢና ። ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ እቲ ሰዐለ ኢሉና ዝገለፅናዮ ሽሕ እንኳ ብመጠኑ እንተሃለዊ ቀንዲ ወይስ ለውጢ ፀሪ ኣብ ማእከል መሳፍንቲን /ላንድሎርድስ/ ሕሩራትን /ቴናንትስ/ ከዊኑ ይርከብ ።

ካብ ዛንቓ /ታሪኽ/ ኢትዮጵያ ከምንፈልጦ ዝበዝሐ ደቡብ ኢትዮጵያ ቀዳሚ ሃፀይ ምንይልክ ርእሰን ዘኽኣላ ገዝኣታት ነይረን ። ንኣብነት ናይ ኣባ ጅፋርን ኣብ ኢሉባቦር ዝነበረ ንጉሥ ንጠቅስ ።

[+] ሽርብን ሎምፐን ፕሮሌታርያት = መደብ ሽቀልቲ ከተማ

ናይ ሸዋ ፂነስቲ ምስ ጣየለ ምዕዓ ብዘበን ሃፀይ ምኒይሊክ ደጐብ ኢትዮጵያ ዝ ገዝኣ ዝነበራ ገዝኣታት ኣብ ኢጣ ምኒይልክ ወደቓ :: እቶይ ብውግእን ብዓመፅን ከ ም ወለጋ ከኣ ብሰስምዕን ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ምኒይልክ ኣተዋ ::

ባዕቢኡ ኸ እንታይ ነበረ? ንጉሥ ምኒይልክ ወ ታጣደርም "ነፍጠኛታት" "ሑሩ ና ይ "ጋሻ" መሬት ጣሪበኩም ብልዑ" ዝበለ ዓበቢ ይልገሠኣም :: ን ሃፀይ ምኒይልክን መሳፍንቶቶምን እርዋ /ጋሻ/ መሬት ምንባር ኣይክእለን :: ከንዲዘይ ዘይበሃሉ "ነፍ ጠኛታት" ደጐብ ኢትዮጵያኹም ንህቢ ወረርያ :: መሬትይ እይንጠቐን ዝበለ እርዋ ብ ጥይት እናተሃደነ ይቐትል ነበረ :: ብሎ ብሎ ዘበዝሐ ናይ እርዋ ሕዝቢ ሕሹር /ቴ ናንት/ ከዊኑ ተረፈ ::

ሃፀይ ሚኒይልክ ንወ ታጣደራቶም ጥራሕ ኣይከወኑን "መሬትጋሻ" ዘዐደሎ :: ብዙሓት ዓብያት ክርስቲያናትን ገዳማትን "ውን ካብ "ዚ ለገሠኦም ተዓንገሰን :: ንጉ ሢዊ ስልጣኖም ከምኡ ናይ ቀረባ ኣዝማደምን ዓበይቲ መማኽርቶም ከመይማ ለምውን ደኺ ን ዘዚበለ መሬት ዘረፉ :: ብምሉኦን ዝፍቀዱ ሕዝቢ እንተይፈተወ መገዚ ምሬቶ ሕዱ ር መገዚ ዓዲ ሰዶዱ ከወኑ ::

ዛንታኡ ብገዚ /ዘበን/ ሃፀይ ምኒይልክ ዉዲ ጀመረ እምበር ብሃፀይ ሃይለሥላ
*ዘበነ መንግሥቲ ሃይሥላሴ ዝደረቐ = ሃፀይ ሃይለሥላሴ*
ሴ ከም ሃፀይ ምኒይሊክ ናይ ንጉሣዊ ስድራኦም መሬት ፣ ናይ ቀረባ ኣዝማደምን ፣ ሽ ውማቶምን መሬት ነይሩዎም :: ገናኸብደሐሪ ካለኣይ ዉግእ ዓለም ጥልያን ካብ ኢትዮጵያ ተባሪሩ ንጉሥ ካብ "ስደት" ምስ ተመለሱ ብሃርበይነት ኣብ በረኻ ክዋግኡ ዝፀንሑ ኢ ትዮጵያውያን ዘበዐቡ ጉዱ ገርኦ :: ሃፀይ ሃይለሥላሴ ንዞም ሃርበኛታት ኣብ መንግሥ ቲ ኣተሓጻዱ ብዙሕ ከሳተፉ ኣይደለዩን :: ግዱን እኒ ራእሲ መስፍን ፣ ራእሲ አረጋይ ወዘተ. ክሳዕ ቀርበ እዋን ገዝኣቲ ነይሮም :: ዝበዝሐ ሃርበኛ ዝተበዋለ ብሰማይ ሃፀ ምኒይሊክ "መሬት ጋሻ" እናሕደገ ጣሪሩ ክነብር ንጊሶም ንጸጐብ ኢትዮጵያ ለኣኩዎም :: ኣዩ ናፅነት ቀያ! መንግሥቶም ከሕዱሉን ከበርትዑን ምሁራት መማጣደርቲ ክሳዕ ማዕሮ ሚንስተር ሸወሙ :: እዞም ምሁራት /ቢሮክራትስ/ ንባዕሎም "መሬት ደጐብ" እና ነ ጠቓምሕራስ ጀመሩ ::

እዚዩ ጥራሕ ኣይከወነን ሃፀይ ሃይለሥላሴ ብገዚ ጣመሸተዓመት "ስደት" ሕ ዝቢ ዓለም ብዙሕ ከምዝማዕበለ እዋይ ሥርዓት መሳፍንቲ -ፊውዳሊዝም ዝኣረገ ዝበለየ ከምዝከወነ እጸ ከምኣቶም ዝበሉ ነገሥታት ብዝለሚ ዘየደለዩ ከምዝከወኑ እንተይ ተርዱ እም ኣይተረፈን :: ቀደምም ሃዓሚ ፈራሕ ሃፀይ ሃይለሥላሴ ናብ ኢትዮጵያ እንቶምለሱ ፍርሒ ለቢሎም ጣፋር ገናኸ ዉኪን ከወኑ ::



ብዙሓት ሃርበኛታት ቀተሉ :: ንኣብነት ንበላይ ዘለ ቀኘኒቶም እንተቀተሉዎ ፣ ዝርኣይ ደ ረስ ከኣ ኣብ ልብያ ቤት ማእሰርቲ ብሕሪናዕነት ክለተ ዓመት ምሱ ዕፀንጉ መወተ :: ቀ ያ ናፅነት ተመለሰ ፍርሒ ዘይመፅኦ ኣይበሉን :: ብዙሓት ሃፀያውያትኣይዘኸ ከበለሶም መ ፅኡ :: መጀመርታ እንግሊዝ እንርም ክተኸሉ ረድኣቶም :: እንግሊዝዝ ተዓሰበቶ ኸኣካብ "ማዕዱን ምኽንያት ካለእ "መሬት ጋሻ" ምውራር ነበረ :: ተንዓሀ ጡጥ ፋብሪካ ተተ
*ዘካን ማሉ ዝግሃፀሉ ዝነበረ ቦታ*
ኪሉ ዝርከብ ቀደም ነበረ:: ሎሚ እኒ መተሃራ ፣ ሚቸለ ኮትስ ናይ ዘሳን መሬት እናተ ጣደገ ተዋሂቡወን ሃፀያዊ መሬት ኢሉና "ንፀርጦ መሬት ይንበራ ::

ቀዳሚ መለከዕ ኣመዳዳብ መሬት ጣደጣደ ኣሃዛት ንመልከት :: ኣብ ደጐብ ኢትዮ ጵያ ዝበዝሐ ጣሬብታይ ሕዱር ምኽኖቶ ካብ ተዘረብና ፣ ንኣብነት ዝኸውን እነሆ ፣

ኣብ ሸዋ 51 ሰብ ካብ ሚእቲ ሕሱር እዩ :: ጣረር 54 ካብ ሚእቶ ሕጹር እን ተኸውን ኣሩሲ 52 0/0 /ካብ ሚእቲ/ ጎሙ ጎፋ፣ 47 0/0 ፣ ከፋ 62 0/0 ፣ ወለጋ 59 0/0 ኢሉባቡር 75 0/0 ወዘተ. :: / ሕሱር ማለት ናይ መሳፍንቲ መሬት ጣራሩ ዘበልዕ ንባዕሉ ከኣ ካብ ጎይትኡ ብትኪቡ /ብሳዕ/ ዝነበር ማለትና ኢና ::/

ኣሰዲብና ጣደጣደ ኣብ ኣመዳደብ መሬት መሳፍንቲ ዝጥቀምሉ ቃላት ንትርጉም ፣

"ማደርያ መሬት" ሃፀይ ምኒይሊክን ሃፀይ ሃይለሥላሴን ንወ ተጣደራትን ሃር በኛታትን መሬት ጣረስቶት እናሕደጉ ዝዓሰቡዎ መሬት እዩ :: ንብረቶ ናይ መንግስቲ ክ ዊኑ እቲ ወ ተጣደር ሎሚ ነፍጠኛ ዝበሃል ክሳዕ ዘሉ ክምናቶ ይጠቀማሉ :: መበዝሕትኡ መትከል ቡን ወይ ገራት ጣፍ ፣ ገራት ስርናይ ብጣፍ ለሙዕ እዩ እንዱሕር እቲ ሃርበ ኛ መወተ መንግስቲ መሊሱ ይወስደ :: "ማደሪያ መሬት" ኣይሸየጥን ኣይለወጥን ::

"ሰሞን መሬት" ንብረቶ ናይ ቤተ ክርስቲያን እዩ መገልገሎ ወይስ ዓየይቶ ከኣ ቀሺ ፣ ሃለቃ ፣ ዲያቆን ፣ ገበዝ ፣ ደብተራ ወዘተ. እዮም ::

"ቀለቀል መሬት" ንፈታው መንግሥቲ ፣ ንእሙን ኣገልጋሊ ዝውሃብ መሬት ገበ ሪ ኣዝዩ ንዑስ ክዊኑ ናይ ንብረት ፍቓድ ካብ መንግሥቲ ይረክብ ::

"ጋፋገብ" ከፍላይ ናይ መንግሥቲ መሬት ክዊኑ ዓይነቱ ኣብ ጥቓኡ ዝርከቡ ኣሕረስ "ለመንግሥቲ ውለታ" ብዝበለ ብሄለ ብገዲ ይዓዩ ፍሪኡ ንመንግሥቲ ኣገልገሉ ይዕደሉ::

ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ኣትጣሕዚ መሬት ምስቲ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኣሎ ገሰናዩ ብዙሕ ይጋፋነ ። ስለዝኾነ ከኣ ንኣብነት ናይ "ጉለቲ" ሁዳድ ፣ ርስቲ ፣ የቤት ክህነት መሬት ፣ ወዘተ. ትርጉም ምድጋም ኣይድለን ። ንመወዳእታ ፣ ነጢዘጢዘ /ብያዘዥ/ ዝብሉ ኣነባብራ መሬት ኣብ ሰሜን ጠለጠሌፉ ይርከብ ። ከመይ ከብ ቀደም ጀሚሩ ዝይተትጠዘ ብይ መሬት ጤይት ብምንባሩ ኣብ ደቡብ ከኣ ሰብ ዝይበፅጠ /ኣንጉተሰይ/ ብይታታት ቀደም ጥራሕ እንተይከወነስ ሎሚ'ውን ይርከብ ። ብሎ ብሎ ኣቶም መጀመርታ ዝዓለበሉ ሰባት ይሕዝዎ መሬቶም ከዊኑ ከኣ ይቲርፍ ።

ኣምበኣር ከስ ኣሕፂርና ዝረባና ንምዕጋት ምጽንታ ፣ ሰሜን ከዐነ ደቡብ ኢትዮጵያ ኣይዳ መሳፍንቲ ኣደዳ ጳጳሳት ፣ ኣደዳ ደቂ ወፃእቲ እምበር ጠረሰታይ ክነብሩ ዝይተኸኣለ ገዐዘይ ሥርዓት ማዕቢሉዎ ይገነ ንብሰ ደጊምና እዚ ገዐዘይ ሥርዓት ንምሕባስ ሕዝብና ጀሚሩዎ ከምዝሉ ገዱሲ የዱሲ ። እዎ ናፅነት ብዝተደራጀወ ሕዝባዊ ሃይሉጊ ብርታዊ ገዱሊን ጥራሕ። ሎሚ እኒ ሃፀይ ሃይለሥላሴ ኣብ ኢዱ ወተጠ ደራቶም ወዲቖም ኣለው ። ፀባሕ ዝመፅእ እንታይ ይፍለጥ ገዱን ደ ወተጠደራት ሥርዓት መሳፍንቲ በይንቶም ከጥፍኡ ይኽእሉ? ናይ ሃይለሥላሴ ካብ ዘፋን ምውራድ እቲ መሳፍንታዊ ሥርዓት የለእዎ ጃገን ኤለካ ዝይምትሳሰ ። ሕዝብና ንኽብርትዐ ንገዱሲ ክንዳሉ ምእንታን ጠሰባትና ንሳዋወጥ ። መሰእኽቲና ብዚ ንዓፁ ። መሬት ነሕራሱ! መሳፍንቲ ይነቀቱ!



## 3ይ ምዕራፍ

## መሳፍንታዊ ኢኮኖሚ

ናይ መሳፍንታዊት ኢትዮጵያ ኢኮኖሚ ከም እጋለ ማይ ዝይዋሰወሰ እናጠደር ዱማ ዝበሳሸ ኢኮኖሚ እዩ ። ኣረጊት ጋቢ ጠንቲ ፈትሲ እንትምዝዘ ዋሕዋሕ ከምዝብል ከምኡ ኣብ ኢትዮጵያ ጠደ ከለተ ዓመት ደርቂ ወይስ ባሰሏ ወይስ ሃጉ እንተኸወነ ብዙሕ ዝሕዝን ሳዕቤን ይመፅእ ። ጥምየት ፣ ስደት ፣ ሞት ፣ ሕማም ኣብ'ቲ ዝመፅእ ሳዕቤን ገለ እዮም ። ብዛዕባ ናይ ኢትዮጵያ ኢኮኖሚ እንትነውስእ ካብ ማሕረስ ዝርካብ ፍረን ፣ ጠበብቲ ፣ ኣለምቲ ፣ ሸቀጥቲ ፣ ነገዱቲ /ሰብ ሹቅ/ ወዘተ ዘብርከትዎ ኣቕጣን እናማዘዘንና ምዝራብ መዱለዩ ። ገናኸ ብቑዕ ፅንዓት ንኽነቕርብ ቀዲሚ ሒጂ ብዛዕባ እዚ ዝተገበረ ፅንዓት ሰለዘይብልና ካብ ጌጋ ንእርነብ ።

ዝበዝሐ ኢትዮጵያዊ ከዳኑ ጀዲዱ ወይስ ዓለባ ፣ ዝረገፀ ጨማ ዝይብሉ / /እንተረኸበ ጨማ ዓዲ/ ፻ ኣብ ኢትዮጵያ ዝፈሪ ሸንኮር ዝይከፈለ እንዳሃለወ ፣ ብዛዕባ ሶፍ ፋብሪካ ፣ ናይ ዳርማር ቤት ዕዩ፣ ወንጂ "ሸንኩራ" ፋብሪካ ወዘተ. እንተፀበፀብና ካብ ጠቂ ኣዚና ምርጠቕና ይፍለጠና ።

ዝኸወኑ ክዊኑ ብዛዕባ'ዚ ዳሕረዋይ ጠምረታይ ኣዘራርባ ገበርና ምሕሳፍ ንገደ፡ ። "እምበእር ከስ ናይ ኢትዮጵያ ጠምራዊ ኢኮኖሚ ኣብ ማሕረስ ዝርያ ዝተሠረተ እዩ እንትንብል ምስኡ 22.1 ሚልዮን እንካብ 24.1 ሚልዮን ኢትዮጵያዊ ኣብ "ሃገረ ሰብ" ዝነበር ምኹዋኑ ንኹሉ ሰብ ብሩህ ይኸውን "

"ከምኡ ዱማ ብዛዕባ ኣብ ኢትዮጵያ ወለለ ፀለለ ኢሉ ዝርእ ዓቢ ጸገነት እንትንጥምት ናይ 1967 ዓ.ም.ፈ /ፈረንጂ/ ፔር ከፔታ ኢንካም "እቶት ብርእሲ ሰብ" 156 ቅርሺ ኢትዮጵያ _ እቲዩ እንታይ ካብ መላእ ዓለም ዝተጠተ ባዕሉ ዓቢ ምስክር ይኸውን ።"

ኸትምህርቲ ገፀ ዝርከብ ጠቂ ከኣ ካብሚእቲ ሰብ ንዓሠርተ ሰብ ዝይተባፀጠ ምኹዋኑ እዩ ። እዚ ኹነት እዚ ደጊሙ ምስ ካለእት ሃገራት ዝይታፀፀ ሕጂ'ውን መወዳእታ እዩ ።"

"ስዒሩ ብዛዕባ ከንከን ጥዕናጠይ ጠኪም/ን /700000/ ሰባት ፣ ጠንቲት ኣስቢደለ ን/300000/ ሰባት ተጠፀሕ ። "እዚዩ ከኣ ብዙሉ ቁፀሪ ጠኪይምን ኣስቤዳለታት /ኣባይት ሕክምና/ ንመላእ ቁፀሪ ሕዝቢ ተኸፊሉ ዱኻ እምበር ኹሉ

ሰብ ናብ ዘሎ ናይ ምሕካም ዕድል ኣለዎ ማለትና ከምዘይከወንና ገሊጹ እዩ ። ዝበ ዝሑ - ሓካይምን ኣባይቲ ሕክምናታትን 'ሲ ወይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ወይ ኣብ ኣሥመራ እን ተኸዊኑ ከሎ ካልኦት ርእሰ ከተማታት ጥራሕ ሓደሓደ እዮም ዘረከቡ ። ንኣብነት ኣብ ኣዲስ ኣበባ 192 ሓኪይም /ዶክተርስ/ እንትህልዉ ኣብ ባሌ ጠ.ግዛኣት 2 ፡ሓኪይም ጥራሕ ይርከቡ ። ካብ ርእሲ ፅሑፍና ገሊልና ከይንርከብ ብምፍራሕ ካልኦት ኣሃዛት ካብ ምሃብ ንእርነብ ።

ኣመፃፅኣ ሃፀያውያን — ዕዳጋ ንምሕባር ካፒታሊዝም ከይወፁ ሶሻሊዝም
ከይለምዕ ።

ብዘበን ዳግማይ ምንይልክ መሰፍንቲን ጠደርቲን ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ምምዕ ባሎም ልዕሊ ኢሎና ኣዘንቲና ። ገናኸ ብዘበን ምንይልክ ንኢትዮጵያ ዘጋነፋ ካ ልእ ዛንታ ናይ ሃፀያውያን ምፅኣት ክለዓል እዩ ። ከመይ ከምዝነበረ ነዚንኹ ፤

ቀዳሚ ዳርጋ ሚእቲ ዓመት ኢጣሊያ ኣብ ኣውሮጳ ዓዲ ናይ ኢኮኖሚ ውዱቀት በጺሑ ነበረ ። ምኽንያቱ ከኣ ብዘበን እቲ ብዙሓት መዕየይ መይሳታት ተፈጢሩ ብሉ ማዕሮ ከኣ ኣባይቲ ዕዮታት ማዕጢላንን ፈቖዳሉ ተዘሪኣን ማለት ብዘሐን ይርኣያ ። ሽዑ ካብ ደብ ሰሌፍካ ዕዳጋ ምክፋት ኣይዓለየ ። ናይ ዕዳጋ ምፅባብ ጥራሕ እንተ ይከውን ነስ ጥረ ሕፃስት /ሮ—ማተር ያለስ/ እውን ተሰኢኑ ስለዝነበረ ዓቢ ጭንቂ ተፈ ጠረ ንሥርዓት ኢታት — ካፒታሊዝም — ክለተ መንገዲ ክለተ ዕድል ተረፉ ። እወ ወይ ጥፍኣት ወይ ሰምዓት ። ብዚ ግዜ እዚ ኣብ ኣውሮጳ ንካፒታሊዝም ዝፂረር እረ ከጥፍእ ዝቃለስ ሓይሊ ማዕቢሉ ይርእ ። ንሱ ከኣ ሕብረተ ሰብ ኣዊ /ሕዝባዊ/ ሥርዓት / ሶሻሊዝም/ ነበረ ። ኸዉነ ከኣ ካፒታሊዝም ካብ ዝጠፍእ መህደሚኡ መ ንገዲ ረኸበ ። ኣፍሪቃን ፣ ኣስያን ላቲን ኣሜሪካን ክወርር ዘመተ ። ናይ ብ ዝሒት ኣህጉር ናፅነት ኣዐመተ ።

ናብ ዓዲና ዝነበረ ኲነታት እንተተመለስና ምስ ኢትዮጵያ ብደብ ዝራኸብ ኤርትራ ፣ ሶማሌ ፣ ሱዳን፣ ገብጺ ፣ ኬንያ ኩሉን ኣብ ኢዱ ፀሓእቲ ኣቲወን ይገነ ያ ። ኢትዮጵያ ክወርራ ሃሪፈን ካብ ዝነበራ ናይ ኣውሮጳ ሃገራት ሠለሥቲአን — ኢጣልያ ብሪታንያ ፣ ፈረንሳይ — ብዚ ዘበን ብኹሉ ዙርያኣ ከቢበናኣ ነበራ ። እረ ፈረንሳይ ምስ ሃፀይ ምንይልክ ፍሉይ ስምምዕ ገይራ ካብ ጅቡቲ እስካዕ ኣዲስ ኣበባ መንገዲ ባቡር ኣንጺፋ ። ሎሚ ' ፈረንሳይ መሬት ኣፋር ' ተባሂሉ ዝፀዋዕ ሃገር ከመይ ኢሉ ካብ ኣፉ ምንይልክ ከምዝሞለጠ መን ይፈልጥ? ምንይልክ ምስ ጣል ያን ብዛዕባ ኤርትራ እውን ዝገበርዎ ውዕል ጥራሕ ታሪኽ የውግኣ ። ' ዓሻ ' ምን



ይሰኽ ሃፀያውያን ከሳዕ ከብዲ እገሮም ዝኣትዉ ኣይተሰመዖምን ። ብፍሕሪ "ውዕል"ን ብፍሕር ዕርክነት ' ኣያ ' ጥያልያን ዓዱዋ ኣተዉ እንተብሉዎም እንተለዉ ገና ተፈ ሊጡዎም እዩ ይመስለኒ ' ዝመተ ' ዝበለ ትእዛዝ ኣሕሊፉ ። ፍረ ነገሩ ናይ ዓዱዋ ውግእ ብዚ ከዉነ ብቲ ናዩ ሃፀያውያን ወረራ ውግእ እዩ ።

' ኣያ ምኒታ' ኢትዮጵያ ባለ ጀጋኑ ደቃ ካብ ኢዱ ጥልያን ዉሒነት እም ካብ ኢዱ ጥልያን ጥራሕ! ፈረንሳይ ከሳዕ ዘበን ሃፀይ ሃይለሥላሴ ተምየጠ ነበረት ። ብፍሕሪ ካልኣይ ውግእ-ዓለም ከኣ እንግሊዝ ብፍሕሪ ኢንግሊዝ ሎሚ ኣሜሪካ ተገዛኣና ። ኣብ ማእከል ሃፀያውያን ብዙሕ ፀለእ የለቦን ። ብሓባር ኢዱ ማዕዶና ጥረ ሕፃባት ና ሱዒተን ይወስዳ ። ሕዝብና ዓዳጊ ጨርቀን፡ዓዳጊ ኣቑሑን ገበረንኦ ። ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከባ ቤት ዕዮታት ብኢዱ ደቂ ወፃእቲ እዩ ዝነበር ። ምናዳ ጣ ልያን ፣ ጃፓን ፣ እንግሊዝ ፣ ሆላንድ ፣ ፈረንሳይ ፣ ኣሜሪካ ። ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ካብዝርከብ ናይ 600,000,000 ቅርሺ ኢትዮጵያ ዘውፅእ ናይ ደቂ ወፃእ ቲ ሃፍቲ /ካፒታል/ 200,000,000 ናይ ጣልያን እንትኸውን ፣ 44,000,000 ናይ ኣመሪካ እዩ ። ዝተረፈ ከኣ እኒ እንግሊዝ ሆላንድ ወዘተ. ይበፅሓን እዚ ብቐሊ ል ዋጋ ሕዝቢና እናሸቀጡ እናበዝበዐ ዝኣከቦ ገንዘብ ኣብ ዝደለዩዎ እዋን ንዓ ደን የጉዕዝኦ ። ከይእረፉ ዝሎ ናይ መስፍንታዊ ሥርዓት ብሕጊን ብጥቕሚን ይሕለ ወለን ። ንባተግ ከኣ ' ዕደመ ንኣኸ ' እናበለ እንተደለየ ናይ ውግእ መሣርእያ ፣ እንተደለየ ፣ ናይ ወተሃደር መሠልጠኒ ኣኪዳሚ ይሀበአን ይከፍታሉን ። ብሉ ብሉ ናይ ሕብረተሰብኣዊ ሥርዓት /ሶሻያሊዝም/ ኣብ ኢትዮጵያ ከይኣትው፡እዎ፡ ንደገን ንዱ መስፍንቲና ከይቃለዕ እዙይ ዘይብሃል ናይ ወተሃደራዊ ብረት መዕቀቢ ኣብ ኣሥመራ ኣብ ኣዋሰ ሓቢኣን ኣለዋ ። ናይ ኢትዮጵያ ሕዝቢ መሃይምን ዕቡትን ቀዳሚ ቀዳዱ ም ዶብን ዶምን ክኮውን ምስ መስፍንቲ ይሜክሩ ይዘትያ ። ከምዚ ብዝበለ ናይ ፓለቲካን ናይ ዕዳጋን ጥቕሚ መስፍንቲ ኢትዮጵያ ምስ ሃፀያውያን ቀኣፅሞም ጣደ ኣ ብ ልዕሊ ካልኣይ ደረቦም ከሳዕ ሎሚ ቀይሞ ። ሎሚ ፀረ መስፍንቲን ፀረ ሃፀያ ውያን ብዝበለ ዕላማ ሕዝብና ገድሉ ጀሚሩ ይርከብ ።

ብርስኑ ተጋደልቲ !!

## 4ይ ምዕራፍ

## ጣዓሽ ሕዝባዊት ኢትዮጵያ

ዓዲና ኢትዮጵያ እንታይ ይፀበያ? ሎሚ ናበይ ተምርሕ ትርከብ? ንዝብል ሕቶ መልሱ ዕላማ ገድልና ፀረ ሃፀያውያን ፀረ መሳፍንቲ እንካብ ከወነ ፍረ ዓወትና ከዓ ጣዓሽ ሕዝባዊት ናይ ኢትዮጵያ ግዝኣት /ስቴት/ ክንምሥርት እዩ ንብል ::

ንዕዞይ ግዝኣት መሳፍንቲን ሃፀያውያን ካብ ሥረ መሠረቱ ኩሊትና ክንደብሮ ምስ እንደሊ ንነዊሕ ግዜ ብረታዊ ገድሊ ከምዝፀበየና ደጋጊምና ተዛሪብናዮ :: ታሪኹ ታሪኽ ሃረበኛታት ዝመለስ ሕዝብና ሎሚውን ብአሜሪካንን ብመሳፍንቲ ኢትዮጵያን ንዝጉተት ናይ ተገንባዕቲ /ሪእክሽነሪ/ ግዝኣት ከጥፍእ ብረቱ ከልዕል ይግባእ ::

• ናፅነት ብገድሊ ዝርከብ ውርቂ እምበር ዝምፅወት ዕንቊ ኣይኮነን ° ዝብል ባዕሉ ሕዝቢ ዓዲና እዩ ::

ቀደም ምስሉኒ ባዕሉን ፣ ደነራሉን ፣ ወተሓደረን ንኢትዮጵያ ከዘምቱ ይወፍሩ ነበሩ :: ሎሚ ግና ኣሜሪካ ካብ ኢትዮጵያ ወተሓደራት /መንእሰያት/ እናመልመለት ጣለውቲ ሃፀይ ሃይለሥላሴ ከኾውኑ ተሰልጥን ትርከብ :: /ሃፀይ ሃይለሥላሴ ስለዝእረጉ ሎሚ ካልእ ደቀ መዝሙር ኣብ ምድላይ ትርከብ/

ናይ ኢትዮጵያ ዕድልን መሰልን ዝዘተ ኣብ ዋሽንግተን እምበር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከምዘይከወነ ካልእ ይትረፍ ሎሚ ወተሓደራት ኢትዮጵያ እንተይፈለጡዎ ኣይተረፉን :: ከንዳይ ናይ ምሽጢር ውዕሊ ፣ ከንደይ ስርቂ ፣ ከንደይ መሸጣ ለወጣ ተገይሩ ኣሎ ::

ሰፊሕ ናይ ኢትዮጵያ ሕዝቢ እዚ ንዅሉ ይፈልጥ እዩ ኢልና ኣይጀሃርን :: ግናኸ ዉዒሉ ጣቒሩ እንተይበፅሐ ኣይተርፍን :: ደጊም ሕዝብና ገሥጋሲ ፣ ብሩህ ፣ ተጋዳሊ ፣ ቀጻሊ ቀዳደም ሃርበኛ ከዊኑ ክርከብ ንፀዕር :: ሕዝባዊ ገድሊ ደሚሩ ኣሎ :: ሥርዓት መሳፍንቲውን ብራዕዲ የንቀጥቅጥ :: ዕድሉን መሰሉን ዝውሰን ባዕሉ ሕዝብና እምበር ዋሽንግቶንወይስ ጣይቐደ መሳፍንቲ ከምዘይኮኑ ፣ ግዝኣት ኢትዮጵያ ካኣ ናይ ሰረስቶትን ናይ ዓየይቲን እምበር ናይ ተበዐትን ቀፀርቲ ዓፀሚን ክምዘይኮነት ሕዝብና ብሕጂኡ ክርድኦ ደሚሩ ::

ዕለታዊ ተግባርና ወይስ ተግባር ሕዝብና ሎሚ ብዙሓት ማሕበራት ምምሥራት ውዱብ ምውዳብ — ኦርጋናይዝ — ፓርቲ ምቛዋም :: ብዛዕባ ፓርቲ እንተትንዝረብ ከዓ ሠፊሕ ሕዝብና ከመእሽልን ከመርሕን ክእለት ዘለዎ ምናዓ ምናደናይ ዓየይቲ መደብ ፓርቲ ክኸውን መፅዋዕታና ንቕርብ :: ሎሚ ብዙሕ ፀዕሪን ገድልን የድሊካብ እዋን ናብ

ኣዋን ካብ ቦታ ናብ



ቦታ ዋዕላን ተፍፃመ ነገርን ክግበር ይግባእ :: ምሁራን ተምሃሮ ወተሓደራት ቀዋሚ ቀዳደም ዓየይቲን ጣረስቶትን ሸሕኳ መደባዊ ፀረ እንተሃለዎም ውፁዓት ወይስ ዉጉፃት ስለዝኾኑ ጣዓሽ ኢትዮጵያ ንምፍጣር ጣቢሮም ኢዶም የንብሩ — ዝበለ ነገሥታት ይጥፉእ! ሕዝባዊ ግዝኣት ብፓርቲ ዝምራሕ ይፈጠር! ንብል :: መፀዋዕትና ከዓ ብሕዝባዊ ጣይሊ ሎሚ ፀቡሕ ዝመፅእ ነገር እዩ :: ናይ ሕብረተሰብ ዕቡየት ሕጊ ስለዝኾነ ነ ከይጠፍእ ዝሕለዉ ጣይለታት ኩሎም ኣብ ቀዳሚ ሕዝባዊ ጣይሌታት ይመኩ ፣ ይጣቁ ::

ማሕበራት ተምሃሮ ደቂ ኢትዮጵያ ንሕዝብና ናፅነት ብዙሕ ተጋዲለን :: ናርጋ ዓሠርተ ዓመት ይኸውን ሎሚስ ገድሎኒ ካብ ዝፍሎም ፣ ዓመት ዓመት ኣብ ኣውሮጳ ፣ ኣብ ኣሜሪካ ፣ ዋዕላ /ኣኼባ/ ይፀውዓ :: ድሕሪ ዓሚቅ መፅናዕቲን ከተዕን ዝርከብ ምውሕጣጥ ካብ ዝሕልፍኦ ተፍፃመ ነገራት /ውሳኔታት/ ንምሃር :: ከም ጣጺር መዘከርታ ዕላመኣን መፀዋዕተኣን እንታይ ከምዝመሰል ንመልከት ፣

1. ኣብ ልዕሊ ሕዝብና ነጊሡ ዝርአ ጥምየት ማሃይምና ፣ ሕማም ፣ ከብ ዝበለ ጭቆናን ዓቢ ፀገምን ክጠፍእ ዝኸዕለ=ንጉሣዊ ኣገዛዝኣ ፣ መሳፍንታዊ ሥርዓትን ሃፀያውያን ካብ ኢትዮጵያና ተጣጢጦን ብኣሕረስን ብዓየይቲን ዝቖወመ ሕዝባዊ ግዝኣት /መንግስቲ/ እንተፍጠር ጥራሕ እዩ ዝብል እምነት ኣለውን ::

2. ናይ ኢትዮጵያ ኢኮኖሚ ከምዕበል ፣ ናይ ሕዝቢ ናብራ ከማሓየሽ ናፃ ኣብ ዝኸወነ ሥርዓት ብቖኑዕ ዕቁና /ኻላን/ ብፀኑዕ ውደባዊ ኣመራርሓ እንተኾነ ሰፊሕ ሕዝቢ ድማ ኣዚ ክሳተፍ የድሊ ::

ምእንትኡ ከዓ :

ሀ. ማሕረሰ = ናይ ሕረሰን ጣረስቶት ኩነታት ከማሓየሽ እንተደሊ ° መሬት ነሕረሰ ° ክዋሃብ ወይስ ክዕደል የድሊ :: ካብ ንጉሣዊ ስድራ ፣ ዓበይቲ መሳፍንቲ ፣ ኣድባራት ፣ ኣብያተ ክርስቲያናት ወዘተ. መሬት ብጣይሊ ተጣዲጉ ንሕረሰ ወይስ ንዓይቲ=መሬት ማዕሮ ክዕደል ይግባእ :: መሬት ዝነኣሰም ከውሰኾም ፣ መሬቶም ጣሪሶም ዝበልዑ ብሕጊ መሬቶም ከሕለዎም እዋይ ገጡእ ጣገዝ ከገበረሎም ተምሃሮ ኢትዮጵያ ናርጋ ኩሎም ይኣምኑ :: ናይ ኣሕረስ ውዱባት ብምምሥራት ተጣጋጊዞም ዝማዕበለ ምህርቲ ዝረኽቡሉን ፣ ዝሕጉሱ እዋንን ክፍጠር ፣ ናይ ኣሕረስ ውዱብ /ፔዛንት ኮሙኒቲስ/ ምሲቲ መንግሥቲ /ግዝኣት/ ዝተጎራበተ ርዳኣታ ንኣብነት ኣዝርእቲ /ኮምፖዚቲ ፈርቲላይዘር/ መተዓየዩ መሣርሒያ ፣ ፈውሲ ባልዕ ወዘተ ክዕደል የድሊ ::

ለ. ብ ቤት ዕዮ ዝመፅእ ፣

ናይ ኢትዮጵያ ጥረ ሕዋባት /ርዉ ማተር ያሉስ/ ወርቂ ንሓስ ፣ መዳብ ፣ ወዘተ. ካብ ኢዱ ባዕዳውያን ተወሪሩ ምስ ጥፍኢ ሕዝብና ዝተማዘዘነ ፣ መፈለምታ ንዑሱን ቤት ዕዮታት ምስናይቲ ሕረስ ምዕብልና ዝርኣያ ክቐውም የዉሊ፡፡ብዉሕሪ ቁርብ ዓመታት ክዓ —ናይ መኪና ጠረሰቶት ቁፀሪ ምስ በርበነ ዓበይቲ ቤት ዕዮ ክፍጠር ይከኣል ፡፡ ብተጣባበ ናይ ኢኮኖሚ ዕቀን /ፕሮግራም/ ዓዉና ንቑዉሚት ክትገሠግሥ ኩነታት ሕዝብና ክመጣየሽ ንዉሕሪት ፍጡም ዘይብሉ ገዉሊ የዉለዩና ፡፡

3. ብዝዕባ ትምህርቲ ፣

90 ካብ ሚእቲ ሕዝብና መሃይም እዩ ፡፡ እ.እ. ኣይፀሕፍን ኣየንብብን ፡፡ ስለዝኾወነ ከኣ ትምህርቲ ምምዕባል ምስ ዓብያተ ገበርና ንቶፀር ፡፡ ትምህርቲ እውራ ናይ ምዕባለ ምርኩስ እዩ ፡፡ ኩሎም ሕፃናትን መንእሰይን ናብ ቤት ትምህርቲ ክምዝከዱ ብሕጊ ምፅናዕ አለዎ።ኣብ ሸቀሊ ፣ ኣብ ዕዮ ፣ ኣብ ሃገረ ሰብ /ትምህርቲ—ቤት/ ወይስ ኣብዘይብሉ ቦታ ዝርከቡ ኢትዮጵያውያን ንምርዳእ ዓቢ ናይ "ትምህርቲ ዘመቻ" ክገበር አለዎ ፡፡

ትምህርቲ ምስ ባህሊ /ቋንቋ ፣ ዝንታ ፣ ደርፊ ፣ ቴኣትር ካሊእት ሥነ ጥበባትን/ ዝተተሓዘ ምኹዋኑ ተሪኢእና ባሕሊን ትምህርቲን ብሕብር ሕዝብና ዝጠብረሉን፣ ዝቃረበሉን ዝምዕብለሉን ብሂሉ እዩ ኢልና ንኣምን ፡፡

4. ብዝዕባ ክንክን ጥዕና ፣

ብጠጺሩ ዉጊ ሕዝብና ብብዓዩነቱ ሕማም ከም ቆፀሊ የርገፎን ፣ ኣፀምሊዉያን ይርእ ፡፡ ኣሰቢዳለ ክሊኒክ ፣ መፀበ ሕክምና /ሄልዝ ስቴሽን/ ወዘተ. ብዙሕ የዉሊ ፡፡ ከምኡ ከዓ ጠኸይም ፣ ናይ ሕክምና መኩዋንንቲ /መናዕሰ/ ፣ ነርሲታት ፣ ወዘተ ዝምህር ናይ ሕክምና ቤት ትምህርቲ ብብዓዩነቱ ኣብ ፈቐዱሉ ክምሥረት ይግብኦ ፡፡ ናይ ወዲ ሰብ ጥዕናን ኩነታትን ምሕላው ፈላማይ ሥራሕና እዩ ፡፡

5. ናይ ፓለቲካ ናፅነት ብዝምልከት ጉዳይ ፣

ጠዳሽ ኢትዮጵያ ብሸንደይ ደጋፊመሥዋእቲን ብዓቢ ገዉሊን እያ ተፍጠር ኢልና ምስንኣምን ሕዝባዊ ገዝኣት ምስመሥረቶት ተጋዲሉ ዝተዓወተ ፍሬ ምሕላው ትገደዱ ፡፡ ናይ ሠውራ ፍረ፣ናፅነት ከጥፍእ ዝቓለስ ኢትዮጵያዊ ኩሉ ቦታ የብሉን ፡፡ ንናኸ ኣጠቓቕማ ናፅነት እንትጠምቐ እናረአዩ ተገሣፅኒ ምኸርን፣ብፅሑፍን ብገብሪን፣ንሕዝቢ ከሰምዕ ደሞክራሲያዊ ጥበብ ኣለዎ ፡፡



6. ማዕርነት ፣ ብፅተ ፣ ሕብረት ፣ ናፅነት ፣

ኢትዮጵያ ብዙሓት መደባት ዘለዉዋ ዓዲ እያ ፣ ከምኡ ዉን ብዙሓት ብሔራት /ናሽናሊቲስ/ ሃይማኖታት ፣ ወዘተ. ይርከብዋ ፡፡ አረጊት ኢትዮጵያ እዚኣተን ፍሉላይ እናደለየት ሕዝብና ክፋፊሉ ገዚኣ ፡፡ ሕዝባዊ መንግሥቲ ኣብ ኢትዮጵያ ብዝቐዉሙ ገዜ ንናኩሎን ብሔራት / ተጋሩ ፣ ኦሮሞ ፣ ኣምሓሩ ፣ ሶማሌ ፣ ጉራጌ ወዘተ./ ኩለን ሃይማኖታት /ኣስላም ፣ ክርስቲያን ፣ ወዘተ./ ማዕር እየን ፡፡ ኣብ ጠዳሽ ኢትዮጵያ ናይ ፀታ ዓመፅ / ሰብኣይ ካብ ሰበይቲ ዝሓየሸ ቦታ/ የብሉን፡፡ ኣብ ማእከሉ መደባትን ፣ ብሔራትን ፣ ፆታታትን ፣ ሃይማኖትን ዓቢ ፅሪ ከይፍጠር ፣ ብፅትን ፣ ሕብረትን ፣ ማዕርነትን ክነግሡ እቲ ዝፍጠር መንግሥቲ /ገዝኣት/ ክፀዕር ይግባእ ፡፡ እዚ ምስ ባህላዊን ትምህርትን ተታሒዙ ዝምዕብል ጉዳይ እዩ ፡፡

7. ገዉሊ ሰዉራዊ ዓለምለኸዊ ፣

ገዉሊና ምስ ኩሉም ገሥገሥቲ ምናዳ ምስ ኣፍሪቃ ፣ ኣዝያ ፣ ላቲን ኣሜሪካ ተጋደልቲ ከም ብስንሰለት ዝተቖፃለፈ እዩ ፡፡ እዚዩ ዝኸዉነሉ ኣብነት ከዓ ሃፀያዊ ሥርዓት ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ እንተይኮነሰ ኣብ ምሉእ ዓለም ፀረ ገሥገሥቲ ፣ ፀረ ምዕበላ ፣ ፀረ ሕብረተሰብኣዊ ሥርዓት ስለዝኾወነ ክማና ፀረ ሃፀያዉያን ዝኾኑ ጠይሰታት ናይ ብረት ዕርክነት ይነብረና ፡፡ ኣብ ሕዝባዊ ገዉሊና እዋን ብፅትናን ፀላእትናን ነለሊ /ንፈሊ/ ፡፡ ነዚ ፓርላ /ዕላማ/ ገዉሊና "ዉፅዕ ሕዝቢ ዓለም ሕብር ፣ ብረትካ ዕጠቕ ፣ ሃፀያዉያን ካብ ገፀ መሬት ደምስስ" ይብል ፡፡

8. ናይ ኢትዮጵያ ሰዉራ ፋተ ወራሪ ናይ ዓየይቲ መደብ ፓርቲ እዩ ፡፡

"ዘይሠርሕ ኣይበላዕ" ይብል ሕዝብና ፡፡ ንጠዋሩ ኢትዮጵያ ዓዩ ዘፍሪ ፣ ኣፍርዩ ዝካፈል ሰብ እምበር እንተይዓየየ ብቐጠጡ ፣ እንተፍረየ'ውን ተጠቢሉ ዝበልዕ ምስቶም ኣብ ምጥፋእ ደሚሮም ዘለዉ ገዝእቲ ዘበን'ዚ ብጠባር "ኣደዳ ውሕጅ" ክዩኑ ይተርፍ ፡፡ እምብኣር ክብ ተጠዋሪት /ፍዩቸር/ ኢትዮጵያ ዓዷ ዓየይቲ ዓዲ መፍረይቲ እምበር ካሊእ ኣይንምነየላን ፡፡ ናይ ዓየይቲ ፓርቲ ብሉሚሉ ቀዉሙ ንጠዋሩ ዝኸዉን ዕቀን ክትለም ይግባእ ፡፡ ናይ ሠራሕተኛታት ፓርቲ መራሒ ሰዉራና ዝኸዉነሉ ኣብነት ብፀቢብ እዚዩ እዩ ፡፡

ሎሚ መወዳእታ ዘይብሉ ሕዝባዊ ገዉሊ ጀሚሩ ይርከብ ፡፡ ሕዝብና ኣብ ኢትዮጵያ ካብኡ ዘለዓለ ጠይሊ ከምዘየለ ብናይ ንግሥ ሃይለሥላሴ ምዉዳቕ ጠይሉ ከምዘመዘነ

ንርዳእ ። ተደራጂዩ መንግሥቲ ሕዝቢ ክሰዐ ዘቓውም ብዙሕ ገድሊ ይፀበዩ ። መን ገዱ ሓቢጥን ጎቢጥን ከምዘኸውን ዘተፈለጠ ነገር እዩ ። እወ ሓደ ገዜ ዓወት ካል እ ገዜ ምትኃለ ከምዝገጥም ኣይንርሰዖን ። ገናኸ ፣ መቓልስትኦ ታሪክ ሰብ ንቕዱ ሚት ኣምበር ንድሕሪት ስለዘይጥወ ዓወት ናይ ሕዝቢ እዩ ። ሓዳስ ኢትዮጵያ ብድሓ ን ክትመፅእ ።

ሃ ፀ ያ ው ያ ን ይ ነ ቕ ተ !

መ ሳ ፍ ን ቲ ይ ነ ቕ ተ !

መ ሬ ት ነ ሕ ረ ሱ !

ሠ ው ራ ን ሓ ቀ ረ !

መዳለዊ ፡

ወልዳይ ገብራይ

በላቲን ፊደል የተጻፈ የኦሮምኛ ቋንቋ ሰዋሰውና አንዱ
በኦሮምኛ ቋንቋ የተደረሰ የቴያትር መጽሄት እና ጋ
ሰለሚገኙ፣ለመግዛት የሚፈልጉ ሁሉ በአድራሻችን ቢጠይቁን
ለንልከላቸው እንችላለን፡፡— የመጽሄት ቦርድ

አንብቡ፣አስነብቡ!

ዋጋው 1.50 ኢት ብር